# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.157 ሰንበት 2 መጋቢት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና


ገጽ 3 ጽልዋ



ገጽ 4 ኣከባቢያዊ ንቕሓት



ገጽ 5 ቅድሚ ዓወት ዘሎ ቓልሲ



ገጽ 11 ናህሪ ተዓዊቱ




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ኣዘራሪቡ




ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ28 ለካቲት ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ፡ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ዶ/ር በድርን ኣብ ምምዕባልን ምዕማቕን ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያት ተዘራሪቦም።

ኣብ ዞባዊ ጉዳያት፡ እቲ ዘተ፡ ጉዳይ ሱዳን ብሰላም ብዝዕባ ዝዋረፈሉ፣ ኣብ ሶማል ህንጸት ሃገር ንምስሟር ኣብ ዝካየድ ጻዕርታት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ሰላምን ጸጥታን ንምውሓስ ዘተኮረ ነይሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ርክብ - መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ መንግስታት ኤርትራን ግብጽን ዝቐጸለ ናይ ምምኽኻር መድረኻት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ጸጥታን ሰላምን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ሓባራዊ ርድኢት ብምሓዝ ንምስራሕ ዝዓለመ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቡ ነይሩ።

## ኣብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ መበል 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ተዘኪሩ

መበል 50 ዓመት ህልቂት ጸላኢ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ካብ 26 ክሳብ 28 ለካቲት፡ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት፡ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ከምኡ'ውን ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ መላእ ማሕበረሰብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ዝገልጽ ሰነዳዊ ምርኢት፡ ሰነዳዊ ፊልም፡ ኣስተምህሮን ቃል ምስክርነት ውጹእ መዓትን ቀሪቡ።

ኣቕሪብቲ ኣስተምህሮ፡ ብገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ህልቂት፡ መርኣያ ናይ'ቲ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝቢ ኣየድልየናን'ዩ" ዝብል ፖሊሲኦም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንሓርነት ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዝኽሪ ድማ፡ ሕነ ንምፍዳይን ንምሕንሓንን ዘይኮኑ፡ ከምዘይኮነ ኣስሚሮምሉ።

ኺ-ኺ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ካብ'ቲ ህልቂት ንስክላ ዝደሓኑ ውጹእ መዓትን ብዓይኖም ዝረኣይዎን ናይ ዓይኒ ምስክርነቶም ሂቦም።




ስእሊ. ዮናታን የዕብዮ



መንእሰያት ተመሃሮ ንዝሓለፈ ክፈልጡን መረዳእታኦም ከዕብዩን

ኣብ መደምደምታ፡ ዲን ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን - ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ንኹለን ኮሌጃት ወኪሉ ኣብ ዘስመዖ መዘዘሚ ቓል፡ መንእሰያት ተመሃሮ ንዝሓለፈ ብግቡእ ክፈልጡን ታሪኽ ክሰንዱን ዜግነታዊ ሓላፍነት ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ወግዓዊ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ብደረጃ ዞባ ማእከል ብ15 ለካቲት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ከምእተኻየደ ይፍለጥ።

ዜና

# ባጽዕ፡ ኣዱብሓን ዒላበርዕድን - ምርጫ ኣመሓደርቲ ተዛዚሙ


ስእሊ - ደምሳስ ጸጋይ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ - ምምሕዳራት ከባቢ 01፡ 02ን 03ን ከምኡ'ውን ሕርጊጎን እምባረሚን፡ ካብ 22 ክሳብ 27 ለካቲት ክካየድ ዝቖየ ምርጫታት ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ልዑል ተሳትፎት ህዝቢ ዝተራእየሉ ምርጫ፡ 5 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 10 ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ከምኡ'ውን 8 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 22 ኣባላት ዓዲ ተመሪጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ናይ 3 ዓመት ኣገልግሎቶም ዘብቅዑ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ንምትካእ፡ ካብ 6 ክሳብ 28 ለካቲት ኣብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ዕውት መስርሕ ምርጫ ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ወ/ሮ ዓሻ ዓሊናር ኣብ ዝሃበቶ ቃል፡ ህዝቢ ዝርኣዮ ተሳትፎ ብምምጓስ፡ ንዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቶም ክተሓጋገዝዎም ኣዘኻኺራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣዱብሓ - ምምሕዳራት ከባቢ ኣዱብሓ ንኡሽ ራብዕ ለዓል፡ ገማዘን ዒላባቡን፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣባላት ዓዲታትን ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓመድ-ዑመር ድራር፡ እቲ ምርጫ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ክካየድ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዓራርብን ሃገርን ግና፡ ብሰንኪ ሰሓኩሳማዊ መንቀብሮ ናብ ወርሒ ኑሓሰ ከምእተሰጋገረ ኣብሪሁ።

ኣብ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ ብዝተኻየደ መስርሕ ምርጫ፡ ብጠቕላላ 6 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 20 ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣባላት ዓድን ተመሪጾም ኣለው።

እቶም ዝተመርጹ ሓደስቲ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ህዝቢ ዝሃበረሎም እምነትን ሪዚን ሓላፍነትን ብስራሕን ልምዓትን ንምርግጋጽ ኣብርቲዖም ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ንኡስ ዞባ ኣዱብሓ፡ ኣብ ሽዱሽተ ምምሕዳራት ከባቢን 18 ዓድታትን ልዕሊ 14 ሽሕ ህዝቢ ኣለዎ።

# ሓመልማሎ - መበል 50 ዓመት ግፍዒ ጸላኢ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ተዘኪሩ

መበል 50 ዓመት ግፍዕታት ጸላኢ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ብምውህሃድ ሃግመተኤን ህግደፍን ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን፡ ብ26 ለካቲት ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብሰሚናርን ስእላዊ ምርኢትን ተዘኪሩ።

እቲ "ዓሚቝ ዝኽሪ ንንእር ራኢ" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ መደብ፡ ዕግርግር ኣስመራን ከባቢኣን፡ ከምኡ'ውን መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ንዝፈጸሞ ጃምላዊ መቕዘፍቲ፡ መንእሰይ ወለዶ ክፈልጦን ክመሃረሉን ዝዓለመ መደብ'ዩ ነይሩ።

ንድሕረ-ባይታ ግፍዕታት ጉጅለ ኣብ ኤርትራ ብሓፈሻ ንዕግርግር ኣስመራ ድማ ብፍላይ ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ዝሃበ ጸሓፊ ታሪኽ መምህር ሃይሮኣብ ኣዛዚ፡ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ብዝበሰ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ መምህር ሃይሮኣብ፡ ዕላማ ዝኽሪ ግፍዒታት ጉጅለ፡ መንእሰይ ወለዱ ሃገር ዝሓለፈቶ መስገደል ክፈልጥን ታሪኹ ክዕቅብን እምበር፡ ቂምን ቅርሕንትን ንምስራጽ ከምዘይኮነ ኣጺሒሩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ 1975 ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኣስመራን ከባቢኣን ንዝፈጸሞ ግፍዕታት ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ።

# ሰንዓፈ - ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ ዝወደቦ፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዝተኮረ ኣስተምህሮታት ብ24ን 25ን ለካቲት ተዋሂቡ።

ኣብ'ዚ ንኣዴታት፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ተመሃሮን ዝተዋህበ ኣስተምህሮታት፡ ሓላፊት'ቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ኣፍራሕ ዓሊ፡ ኣብ ቃልሲ ኤርትራን ዕዙዝ ተራ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይትን ዘተኮረ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪባ።

ንኣጉዳስት ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ጠቓሚ ድሙ፡ ደቀኣንስትዮ ተራሕቂለን ዝነበረ ዕድል ትምህርቲ ብጎቦእ ተጠቒመን ተወዳዳሪ ብቕዓት ከጥርያ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝበጽሑ ሃገራዊ ልምድታት ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ንቑሕ ኣበርክቶ ክገብራ ከምዝግብኦ ኣገንዚባ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ተኽለ መብራህቱ ብወገኑ ኣብ ምዕሩይ ተሳትፎ ደቀኣንስትዮ ተመዝጊቡ ዘሎ ደረጃ ንቕሓት ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኩሉንትናዊ ብቕዓት ዝወሃቦ ጓልኣንስተይቲ ንምርግጋጽ ኣብ ዝሰላሰል መደባት፡ ወሀደት ኩሉም ኣካላት ክሕየል ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገነን ደሙቕ ታሪኽ ዘሎሞ ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ናብ ተኻእቲ ወለዶታት ንምስግጋር ተመሳሳሊ ኣስተምህሮታት ብዝተሓየለ መልክዑ ክድፋኣለ፡ ጎጃኢቲ ልምድታት ንምግታእ ድማ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ቀጻሊ ንቕሓት ክካየድ ዝብል ርእይቶታት ሂቦም።

ምስ'ዚ ኣብ ዝተኣሳሰረ፡ ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ምሕያል ንጥፈታት ማሕበርን ውዳቤታት ደቀኣንስትዮን ዘተኮረ ዘተ፡ ምስ ተቖማጦ ዓዲ-ኳላን ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊት ውድባውን ፖለቲካውን ጉዳያት ወ/ሮ ሮዝና ወ/ሚካኤል፡ ንህልው ኩነታት ማሕበር፡ ከምኡ'ውን ዓቕምታት ደቀኣንስትዮ ንምሕያል ምስ መሻርኽቲ ተወሃሂድካ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታትን ወጺኢቱን ኣመልኪታ መብርሂ ሂባ።

ብዘይካ'ዚ፡ ጥዑና ኣዴታትን ዕሸላትን ንምውሓስ፡ ጎዳኢቲ ልምድታት ንምውጋድን ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክብ ንምባልን ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪን ገጻታቱን ብዝምልከት ገሊጻ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ወ/ሮ ትርሓስ ተሰፋ ብወገና፡ ሓላሊፉ ዝርኣ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ንምግታእ፡ ሕብረተሰብ ምስ ትካላት መንግስቲ ተወሃሂድካ ምስራሕ ከምዘድሊ ኣዘኻኺራ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ስርሖን ዝሕግዘን ሞያዊ ስልጠናታት ብቐጻሊ ክውደብ ተላብዮን።

# ሓልሓልን ዒለበርዕድን - ቅነ ተመሃሮ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባታት ሓልሓልን ዒለበርዕድን፡ ኣካል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝኾነ ቅነ ስፖርት፡ ባህልን ጥዕናን ተመሃሮ ተኻዪዱ።

ካብ 22 ክሳብ 25 ለካቲት ኣብ ሓልሓል ዝተኻየደ ቅነ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ባህልን ክብሪታትን ሕብረተሰብ ዝወረሱን ብስፖርት ዝተሃንጹን ብቑዓት መንእሰያት ምምልማል ምዃኑ፡ ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ማሕሙድ ኣብበከር ገሊጹ።

እቲ ቅነ፡ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ ሰኪዔት፡ ኣትሌቲክስን ባህልን ዘጠቓለለ ምንባሩ ጠቒሱ ድማ፡ ልዕሊ 2,500 ተመሃሮ ከምእተሳተፍዎን ሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ከምእተንጸባረቐሉን ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጽዮን ኣብርሃ ድሙ፡ ስፖርት ሓደ ካብ ኣፅዑድ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ብቑጻለን ዕቱባትን ክሰራሓሉ ተላቢዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ቅነ ተመሃሮ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ "ውዱን ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን፡ ቅኑዕ ሕርያ ንኹለንተናዊ ምዕባለ መንእሰያት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 21 ክሳብ 23 ለካቲት ኣብ ሓውሲ ከተማ ኢደን ተኻዪዱ።

እቲ 450 ተመሃሮን 74 ኣለይትን ዝተሳተፍዎን ቅነ፡ ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝበረ ጋግ ዘጸበበ ውድድራት ከምዝኣንገዩ፡ ወኪል ኢሪና ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሰለሙን ንጉሰ፡ እቲ ንጥፈታት ዓመት-መጸ ብዕቝሚ ኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ ክካየድ ኣድማዕነት ስለዘይብሉ፡ ተራ ምምሕዳራት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር የውሃንስ መብራህቱም ብወገኑ እቲ ልዑል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዝተራእየሉ ቅነ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ከምዝቕጽል ገሊጹ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ ንኣጉዳስነት'ቲ ቅነን ኣብኡ ዝካየድ ውድድራትን ብምጥቃስ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ መሻርኽቲ ሓገዝ ክረኽባ ከምዝበረለን ተማሕጺኑ።



ስኣሊ. ዑስማን ዓብደላ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኽታ

## ጽልዋ

### ስለምንታይ ዛንታ ካብ ስታስቲካዊ ሓበሬታ ንላዕሊ ጽልዋ ይፈጥረልና?

ጸሓፊ ኒክ ኮለንዳ፡ ‘መተድስ ኦፍ ፐርስወሸን’ ኣብ ዘርእስታ መጽሓፍ፡ “ተመራመርቲ ዕድለኛታት ኣይኮኑን። ኣብ ባህሪ ደቂ ሰብ ዘለና መረዳእታ ንምዕባይ መቐመጫኦም ክሳብ ዝሓብጥ እናሰርሑ፡ ስርሖም ይኹን ንሶም ኣይፍለጡን። እዚ ኩሉ ሰሪሖም ከይኣኽሎም፡ ስራሓቶም ተቐባልነት ክረክብ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ልዑል ደረጃ ዘለወን ናይ መጽናዕቲ ጆርናላት ክሕተም ኣለዎ። በዚ ምኽንያት፡ ‘ስራሕና ይሕተም ዶ ይጠፍእ?’ እናበሉ ኣብ ጸቕጢ ይሸመሙ፡” ኢሉ ኣብ ናይ ምስጋና ጽሑፉ ብምቕማጥ፡ ነታ መጽሓፍ ንኽጽሕፍ ዝጸለውዎ ተመራመርትን ጸሓፍትን የመስግን። ኒክ ኣብ መጽሓፉ፡ “ሰብ ብስልኪ ተኣሲሩ ዝንቀሳቐስ ባምቡላ እዩ፣ ተግባርን ባህርን ናይ ሓደ ሰብ ክንቈጻጸሮ እንተ ደሊና ከኣ ነተን ስልክታት ክንቈጻጸር ኣለና፡ ” ይብል። ኣብ ዓለም ዝርከብ ኩሉ ነገር፡ ህይወታውን ዘይህይወታውን፡ ካብ ጽልዋ ከምልጥ ኣይክእልን። እንታይ ይጸልወናን ብኸመይ ንጽሎን ክፈላለ ይኽእል ይኸውን እምበር ምጽላውናስ ዘይተርፍ እዩ። ካብኡን ናብኡን ብገለ ነገራት ዝያዳ ክንጽሎ፡ ብገለ ነገራት ከኣ ብዝወሓደ ክንጽሎ ንኽእል። ንኣብነት፡ ካብ እቲ እንሰምዖ፡ እቲ እንርእዮ ነገራት ብዓሰርተ ሚእታዊት ዝያዳ ክጸልወና ይኽእል። በዚ ምኽንያት’ዚ ከኣ እየን መራኸቢ ብዙሃን፡ ዝሓየለ ጽልዋ ንምሕዳር ኣብ ዝረአ ነገራት ዝያዳ ወፍሪ ዘካይዳ።

ሰብ ምስዚ ኩሉ ብልሑን ተክኖሎጂኣዊ መሳሪሒኡን ካብ ጽልዋ ከገላግሎ ዝኽእል መሳርሒ ክምህዝ ኣይከኣለን። ናይ ምምማይን ምምዝዛን ዓቕሙ ብምሓያል ግን ዝጸልዎ ዘሎ ነገርን እንታይ ለውጢ ይገብር ኣሎን ክለሊ ይኽእል’ዩ። ሰባት ተሓባቢርና ንኽንነብር፡ ኣብ ነንሕድሕድና ክንጸላሎ ኣገዳሲ እዩ። ዝያዳ ዝተጸላለና ዝያዳ ንኽንወሃሃድ መገዲ ክንረክብ የኽእል። ጽልዋ፡ ንለውጢ ክፉታት ክንከውን ይድርኽ። ኮነታት ኣየር ቈራሪ ምስ ዝኸውን፡ በቲ ኮነታት ተጸሊና ንቑሪ ክጻወር ዝኽእል ኮነተ-ኣእምሮን ኣካላዊ ድልዳለን ከነማዕብልን ነቲ ለውጢ ናይ ክሊማ ክንርዕሞን ንኽእል። ሰብ ካብ ካልእ ዓይነት እንስሳ ዝፈልዮ፡ ብሓሳብ፡ ሓበሬታ፡ እምነት… ክጽሎ ስለ ዝኽእል እዩ። ዓውዲ ማሕበራዊ ስነ-ልቦና፡ “ሰብ ንኽጽሎ ዝድርኾ ክልተ ረቛሒታት ኣሎ፡” ይብል። እቲ ሓደ ረቛሒ ማሕበራዊ ጠለብ ዝፈጥሮ ድርኺት እዩ። ኣብ ሓደ ማሕበራዊ መርበብ እንተ ሃሊና፡ ቅቡላትን ተፈተውትን ክንከውን ካብ ምድላይ ዝብገስ፡ ኣብቲ ማሕበራዊ መርበብ ቅቡል ብዝኾነ ሓሳብ ክንጽሎ ክፉታት ንኸውን። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኸኣ ነቲ ማሕበረ-ሰብ ጠሚሩ ዝርከብ ሓሳብ፡ መምርሒ፡ እምነት … ብጽልዋ ይመሓላለፍን ይተኣሳሰርን ከም ዘሎ ክርድኣና ይጅመር። ነቲ ብሓያል ስሕበት ጠሚሩ ዘሎ ‘ጽልዋ’ ዝበሃል ሓይሊ ከኣ ከነማዕብል ንብህግ።

ሓሳባውን ነገራውን ጸጋታት ብዘይ ‘ጽልዋ’ ሓይሊ የብሉን። ስለዚ፡ ብመጽናዕቲ ዝተኣከበ ኣገዳሲ ሓበሬታ፡ ብጸላዊ መገዲ ናብ ዝመልከቶ ክበጽሕ እንተ ዘይክኢሉ ፋይዳ የብሉን። ብኣንጻሩ፡ ቈሎ ጥጥቓ ዕላልን ሓሶትን ብመሳጢ ኣገባብ ምስ ዝቐርብ፡ ዝያዳ’ቲ ኣገዳስን ሓቀኛን ሓበሬታ ዝሓዘ ዛዕባ፡ ክዝርጋሕን ክጸሉን ይኽእል።

ዛንታ፡ ካብ ስታስቲካዊ ውጽኢት መጽናዕትታት ዝያዳ ዝጸልወሉ ምኽንያት፡ ‘ሰብ ቅድሚ ሳይንሳዊ መጽናዕቲ ከካይድ ምጅማሩ፡ ዛንታ ክሰምዕን ክነግርን ስለ ዝጀመረ’ዩ፡’ ዝብል ሓሳብ ኣሎ። ከምቲ ‘ቀዲሙ ዝመጽአ፡ ቀዲሙ ይእንገድ’ ዝበሃል፡ ዛንታ ቀዲሙ ስለ ዝተኣታተወ፡ ንሳይንሳዊ መጽናዕቲ ብዕድመ በሊጹ ዝያዳ ጸላዊ ኮይኑ ይርከብ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ዋላ ነቲ ኣገዳሲ ሳይንሳዊ ርኽበት፡ ንሰብ ብዝቐርብ ዛንታ እንተ ዘይኣቕሪብናዮ ከምቲ ዝድለ ጽልዋ ክሕድር ኣይክእልን። እቲ ካልእ ምኽንያት፡ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት ወይ ስታስቲካዊ ሓበሬታ በቲ ንዓና ትርጉም ዝህበና ስለ ዘይቀርብ፡ ብቐሊሉ ንኽንርድኦ ስለ ዘጸግመና ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሓደ ሓረስታይ “ኣብ ቀጸላ ኦዞን ዝተፈጥረ ነኳል እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ፡” ወይ’ውን “ብሰንኪ ዓለማዊ ዋዒ፡ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ዋልታ ዝርከብ በረድ ይምክኽ ኣሎ፡” ምባል ጠቓሚ ሓበሬታ እዩ። “ንዓመታ ክረምቲ ዝናብ የለን፡” ዝብል ሓበሬታ ግን ዝያዳ ጽልዋ ክፈጥረሉ ይኽእል። ዛንታ፡ ካብ ቍጽራዊ ሓበሬታ ንላዕሊ ስምዒት ክፈጥር ስለ ዝኽእል፡ ጽልዋኡ ክብ ዝበለ እዩ። “ሞት ናይ 500 ሰባት ዘስዓበ ባርዕ ሓዊ ኣጋጢሙ፡” ካብ ምባል፡ ኣብቲ ባርዕ ናይ ዝሞተ ሓደ ህጻን ዛንታ ምንጋር ዝያዳ የሕዝን። በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ሰብ፡ ካብ በቲ ናይ 500 ሰባት ሞት፡ በቲ ናይቲ ህጻን ሞት ዝያዳ ክጽሎ፡ ክዝክርን ክልወጥን ይኽእል።

ናይ ምጽላው ሓይሊ፡ ናይ ምምእዛንን ምቍጽጻርን ሓይሊ እዩ። ክንጸሉ ዘኽእል ሓይሊ እንተ ሃልዩና፡ ንኻልኦት ከነማእዝንን ክንቈጻጸርን ሓይሊ ደሊብና ኣለና ማለት እዩ። ብኻልእ ንጽሎ እንተ ሃሊና ከኣ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ናይቲ ዝጸልወና ዘሎ ነገር ወይ ሰብ ኣለና ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት እምበኣር፡ ዝበዝሐ ሰብ ክጸሉ ልዑል ባህጊ ኣለዎ፣ ብኻልኦት ክጽሎ ግን ኣይመርጽን እዩ። ኮይኑ ግን፡ ብፍቓድና ይኹን ብዘይ ፍቓድና፡ ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ ብኻልእ ሰብን ነገርን ንጽሎ ኢና። እቲ፡ ሓቂ ከም ዘይኮነ ኣዳዕዲዕና እንፈልጦ ፊልም ከይተረፈ፡ ከብክየናን ከስሕቐናን እንረአ ሰባት ውሑዳት ኣይኮናን።

ብህይወት ሃሊና፡ ኩሎም ናይ ስምዒት ህዋሳትና ይሰርሑ ክሳዕ ዝሃለዉ፡ ሓንጎልና ሓበሬታ ካብ ምእካብ ዓዲ ኣይውዕልን እዩ። እዚ ብውዑናን ብዘይ ውዑናን ናብ ሓንጎልና ዝኣቱ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣካላትናን ኣእምሮናን ጽልዋ ይፈጥር። ጽልዋ ጸሊእና፡ ርእስና ካብ ቍጽጽር ካልእ ከነድሕን ኢልና፡ ነዚ ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ከነቋርጾ ኣይንኽእልን ኢና፣ ሰብ ንጽልዋ ቅሉዕ ምኳኑ ካብ ጉድኣቱ መኽሰቡ ስለ ዝዓቢ። ጽልዋ፡ ብኸመይ ንጥቕምናን ዕቤትናን ክንጥቀመሉ ንኽእል? ኢልና ግን ክንሓትት የድሊ።



## ፍልልይ ጽልዋን ምድህላልን

ጽልዋን ምድህላልን፡ ክልተኦ፡ ኣብ ባህርን ተግባርን ሰብ ጣልቃ ብምእታው፡ ለውጢ ክፈጥር ዝኽእል ድርኺት እዩ። እንተኾነ፡ ብርክት ዝበለ ፍልልይ ኣለዎ። ገለ ካብቲ ፍልልያት፤

1- ኣተኩሮን ዕላማን

ጽልዋ - ንለውጢ ኣተባባዕን ንርሑቕ ዝዓለመን እዩ።

ምድህላል - ንለውጢ ኣገዳድን ንቕልጡፍ ውጽኢት ዝሃቀነን’ዩ።

2- ኣገባብ

ጽልዋ- ብኣብነት ዝተሰነየ ምንቕቓሕን በብግዜኡ ዝካየድ ለውጥን የተባብዕ።

ምድህላል- ቀጥታዊ፡ ብስምዒት ዝተደረኸ ቅልጡፍ ለውጢ የተባብዕ።

3- ስነ-ምግባር

ጽልዋ - በብግዜኡ ዝተሃንጸ ክብርን እምነትን ዘማእከለ ስነ-ምግባር ይኽተል።

ምድህላል - ገለ ክፋሉ ስነ-ምግባራዊ ኣገባብ ይጥቀም፣ ግን ምስ ዝድለ ውጽኢትን ዕላማን ጥሕሰትን ምዝመዛን ይፈቅድ።

4- ውጽኢት

ጽልዋ - እወታውን ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድን ናይ ባህሪ ለውጢ ይድርኽ።

ምድህላል - ቅልጡፍን ንነዊሕ ግዜ ዘይጸንሕን ናይ ባህሪ ለውጢ ይድርኽ።

እዚ ማለት ግን ምድህላል ኣገዳስነት የብሉን ማለት ኣይኮነን። ዕላማና ንእወታዊ ለውጢ እንተ ኾይኑ፡ ቦታን ግዜን ፈሊና ንለውጢ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ብሓፈሻኡ፡ ብዛዕባ ምድህላል ምፍላጥ፡ ካብ ምድህላል ስለ ዘድሕን፡ ኣብዚ ዛዕባ ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ።

## ንጽልዎ ከም ዘለና እነለልየሉ መዐቀኒታት

*ፍልልይ ኣብ ስምዒት*


ቍሪ ምስ ዝህሉ፡ ሓንጎልናን ኣካላትናን ብመገዲ ቈርበትና ኣቢሉ ሓበሬታ ይረክብ እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ሓደ ሓሳብ ይጸልወና ከም ዘሎ ብመገዲ ስምዒታትና ኣቢልና ክንፈልጥ ንኽእል ኢና። ጽልዋ ዘይብሉ ሓሳብ፡ ዝኾነ ናይ ስምዒት ፍልልይ ኣይፈጥርን። ስለዚ፡ ኣብ ስምዒታትና ዝርአ ፍልልይ፡ ሓደ መለክዒ ናይ ጽልዋ እዩ። ሓደ ሓሳብ የሕርቐና፡ የሐጕሰና፡ የፍርሓና፡ ወዘተ እንተ ሃልዩ፡ ድሮ ክጸልወና ጀሚሩ ኣሎ ማለት’ዩ።

*ተደጋጋሚ ሓሳብን ዝኽርን*

ካልኣይ መዐቀኒ ጽልዋ፡ ብተደጋጋሚ ምሕሳብን ምዝካርን እዩ። ብተደጋጋሚ እንሓስቦን እንዝክሮን ሓሳብ፡ ዝያዳ ክጸልወና ዕድል ኣለዎ። መወዓውዒታት ኣብ ርእሲ’ቲ ብመሳጢ ኣገባብ ዝቐርብ ምኳኑ፡ ንገለ ግዜ ብዘይ ምቍራጽ ስለ ዝደጋገም፡ ኣብ ባህርናን ውሳነናን ጣልቃ ብምእታው ጽልዋ ክፈጥር ይኽእል። ስለዚ፡ ንሓደ ሓሳብ ብተደጋጋሚ ንሓስቦን ንዝክሮን እንተ ሃሊና፡ ክጸልወና ጀሚሩ ኣሎ ክብሃል ይከኣል እዩ።

*ኣተሓሳስባን እምነትን*

ኣብ ሓደ ዕላል፡ ኣብ ዓውዲ ሕክምና እትመሃር ዝነበረት ተመሃሪት፡ ኣብ ፊልማ ትምህርታ ኣብ እብረኣ ንዝሞተ ተሓካሚ ክትገንዝ ከላ ወትሩ ዕግርግር ይብላን ንገለ መዓልታት ሽውሃታ ይዕጾን ከም ዝነበረ ነገረትና። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ግን ነቲ ስራሕ ስለ ዝተለማመደቶ፡ ድሕሪ ስራሕ ምዝዛም፡ ንቡር መዓልታዊ ንጥፈታታ ክትገብር ከም ዘየጸግማ ኣዕለለትና። ሞያኣ፡ ኣብ ሞትን ሞዉታትን ዝነበራ ኣረኣእያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ከም ዝቐየሮ ከኣ ወሲኻ ገለጸትልና። ናብ ዝተፈልየ ኣገባብን ኩነትን ምስ ተቓላዕና፡ ፈለማ ኣብ ነውጺ ዝኣቱ ስምዒታትና እዩ። ንስምዒታትና ተኸቲሉ ኣተሓሳስባናን እምነትናን ክጽሎ ይጅመር። ብግሁድ ዘይኮነ ኣገባብ ከኣ ኣብ ነገራት ዝነበረና ኣረኣእያን እምነትን ክቕየር ይጅመር። ኣብ ገለ ግዜ ሓሲኻ ምዝራብ ከቢድ ዝመስለና ዝነበረ፡ ነብስና ኣብ ቤት ፍርዲ ብሓሶት ክትምስክር ንረኽባ። ወይ’ውን ብኣንጻሩ፡ ትርጉም ‘ልግሲ’ ዘይርድኣና ዝነበረ፡ ብገለ ሰባት ተጸሊና፡ ሓደ ካብ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ንኸውን። ዝሓየለን ዝረቐቐን ደረጃ ጽልዋ ኣብ ኣተሓሳስባን እምነትን ዝፍጠር ጽልዋ እዩ። እወታዊ ጽልዋ ምስ ዝኸውን ኣድማዒ፣ ኣሉታዊ ምስ ዝኸውን ከኣ ኣዕናዊ ውጽኢት ኣለዎ።






# ኣከባቢያዊ ንቕሓት

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት ናይ'ዚ "ኣከባብያዊ ንቕሓት" ብዝብል ናጸሱም እኑብሎ ዘለና ጽሑፍ፡ ምሕደራ ኣከባቢ ኣገዳሲ ከበድን ዝተሓላለኸን ምስ ብዙሕ ገንታት (ሸነኻት) ህይወት ምትእስሳርን ምጽልላውን ዘለዎ ምኽንያት ብሓደ ወገን፡ ሰብ ምስ ኣከባቢ ዘለዎ ምትእስሳርን ኣብ ኣከባቢ ዘውርዶ ዕንወትን ንምፍዋስ ዘለዎ ሓላፍነትን ድማ በቲ ካልእ ተመልኪትና። ዝ ከበድ ዕማም ከተግብር ድማ ንቕሓት ቀንዲ ዕጥቂ ሓይሊ ዝሁብ ባእታን ናይ ኩሉ መበገሲን ምኽንያት ብዝርዝር ርኢና። ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ጽሑፍና ድማ፡ "ሎሚ እንታይ ይኸውን ኣሎ? ዝጸበየና ግብረ-መልሲ እንታይ'ዩ ክመስል? ንምፍላጥ፡ ወትሩ ትትሓራትን ንቑሓትን ክንኸውን ምርጫና ዘይኮነ፡ ምእንቲ ድሕነትናን ድሕነት ናይ እነንብረሉ ኣከባቢ ሎምን መጻእን ከውሕስ ግዴታና እዩ።

ሰፍሓት ኣከባቢ ካብ ኣፍንጫና ክሳብ ኣድማስ እዩ። ይትረፍ'ዞም ኣብ ምድሪ እነብር ሰባትን ካልኦት ፍጡራትን፡ ኣብ ከባቢና ዘሎ ጠፈር ክሳብ'ቲ ርሑቕ ኣድማስ ምስ ኩሎም ኣብኡ ዝርከቡ ሓይልታት ማለት ጸሓይ፡ ኮዋኽብቲ፡ ኣዋርሕ...ወዘተ ኣካል ኣከባቢ እዮም። ኣብ ኑሓድሕዶም ድማ ተማላኣእትን ተጸላለውቲን እዮም። ብዙሓ ሰፍሓትን ግፍሕን ኣከባቢ ምርዳኡ ምእንቲ ክቐልለልና፡ ጽቡብ ብዝበለ ክንሕዞ የድልየና።

ስለዚ፡ ነፍሲ-ወከፍና በበውልቅና ኣናትና፡ ብእኩብ ድማ ናይ ሓባርን ኣከባቢ ኣለና። ንኣብነት፦ እታ ኣብ ናይ ሓዋ ሞገስ ህጻን ሓዚላ ትሰኽክት ኣደ'ኳ፡ ካብ'ቲ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሉ ተለቪዥን ዝዕዘብ ብዓል ቤታ፡ ዝተፈልየ ኣከባቢ ኣለዋ። እቲ ኣብ ማእከል ደቂ ብምኽንያት ሽጋራ ዘትኽኽ ኣቦ እውን ምስ ስድራ-ቤቱ ተመሳሳሊ ኣከባቢ ኣለዎ። ከምኡ እናበልካ ሓንቲ ዓዲ ካብ ካልእ ዓዲ፡ ዞባ፡ ሃገር ...ወዘተ እናበለ ዝኸይድ ዝተፈልየ ኣከባቢ ኣለወን።

ጽልዋታት ኣከባቢ ብጂኦግራፍያዊ፡ ብፖለቲካዊ ዶብ ... ወዘተ ዝኽልከል ኣይኮነን። እቲ ኣብ'ዚ ዘሎ ነቲ ኣብ ካልእ ከርናዕ ዘሎ ይጸልዎ'ሞ፡ ናይ ሓባር ኣከባቢ ድማ ይህሉ። ስለዚ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝህሉ ኩነታት ዕንወት ንብሎ ዶግሙ-ሕወናት ቀዳማይ ጽልዋኡ ንባዕሉ እቲ ኣከባቢ ክኸውን እንከሎ፡ ብዘዘዋዋሪ ንኻልእ ኣከባቢታት'ውን ይጸሉ። ናትና ኣብ እንብሎ ኣከባቢ ጽቡቕ እንተገበርና፡ ወጽኢቱ ጽቡቕ ወይ'ውን ብኣንጻሩ ፍዳ ንረክብ። እዚ ዘርእየና ደቂ-ሰብ ብዝናጸል እንነብሮ ኩሉ ንጥፈታት፡ ቀጥታዊ ወጽኢት ኣብ ተግባሩ ዝኸውን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ጽልዋኡ ኣብ ካልኦት'ውን ከምዝዝርጋሕ ምርዳእ የድልየና። እዚ ዝሆቦ ዕድላት፡ ናትና ኣከባቢ ብምፍዋስ ጥራይ'ኳ ኣብ ህይወትና ዝሓሸ ራህዋ ክንፈጥርን ንካልኦት ብእወታ ክንጸልዎ ምኽኣልናን እዩ።

መንፈስ ናይ'ዚ መልእኽቲ፡ ነፍሲ-ወከፍና ዝጥቡኣና እንተደኣ ጊዮርና፡ ንዝጸዓ ርእስናን ንኻልኦትን ክንጠቕም ከም እንኽእል ክንርዳእን ክንቕሕን ብምሕላን እዩ። ንሕና በዚ፡ ንሸኻትኩም ብእኡ፡ ንኹየም በቲ መጺእና፡ ናብ ሓደ ዕላማ እንተደኣ ዓሲልና፡ ከዐርይ ዓቢ ተኽሎ ኣለና። ንሸኻትኩምን ዝጥቡኣኩም ንኹየም ዝጥዝቡኣም ዋላ እንተዘይ ገበሩ፡ ንሕና ግን ከቢና ካብ ምዕቃብን ምሕላውን ኣይንብኩርን ብምባል፡ መርገጺና ከጸርር ንዘመጽኣና ብደሆ ብብቐዓት ንምምካት ደው እንተደኣ ኢልና፡ ዘለና ብሩኽ ንቕሓት ክንዲ ምንታይ ዓቢ ምኽንያት ኣለና ማለት'ዩ።

**ቀዳሚ ዝኣገረ ግኡ መን ኢና ንሕና?**

- ንሕና ኣብ ሰድራ-ቤትና ነታ ኩልና ንመስተ እንጥቀመሉ ማይ፡ ኣብ መንገና ዘሎ ሃጋይ ኣብልና፡ ብርሳሕ መቐድሒ ስለ ዘቐድሓ ከሉና ተብኪልና።
- ንሕና ኣብ ከምና ቀጻሊ ጽሬት እናኣካየድና (እናዘውተርና)፡ ዘይሓላፍነታውያን ሰባት ግን ፍቕድኡ እናጉሓፉ ብዘመማ ተሸገርና።
- ንሕና ዓድና ከልምዕ ከትርታትን ዛሎታትን ክንሰርሕ ፊልሲታት ክንተኽል ክርተት ክንብል ንውዕል፡ ዘይግዱሳት ሰባት ከምኡ'ውን ጥሪት ድማ ብኣራግጽ የብርስዎ።
- ንሕና ከተማና ክጽብቐን ክምዕርግን ሓኾት ንብል፡ ገለ ስሱዓት ወሃንቲ ትካላት ድማ ብሕማቕ ሽታ ትካሳ ድምጻን ምንባርና የጽልኡና።
- ንሕና ዞባታትና ብዲጋታት ቀምበይበይ ኢለን ምእኩት ፍርያት ዝሕፈሰለን፡ ብዱር ተሸፊነን እንስሳታት ዝሰፍሓለን ማሕበብ በጽሒትን ክንንብረን ንሰርሕ፡ ዘይሕጋውያን ኣፍሓምቲ ድማ ጥንታውያንን መበቆላውያንን ኣግራብና እናቖረጹ መሬትና የብድሙ።
- ንሕና ሃገርና፡ ውሑስ መሬታውን ባሕራውን ኣከባቢ ክህልዋ ሕጋጋትን መምርሕታትን ብምውጻእ፡ ክንቆጻጸር ንጽዕር፡ ኣብ ሓላፍነትን ሓለዋን ዝርከቡ ወገናት ድማ፡ መፍቶ እታው ሕሱር ንብረትን ጉሓፋትን ካልኦት ሃገራት . . . ወዘተ ይገብሩና።

እዞም ካብ ኢልም ዝተጠቕሱ ነጥበታት፡ ነፍሲ-ወከፍና ንውልቅና ሓቲትና ክንምልሶም ዘለዉና እዮም። ብዝወሰኽ፡ "ኣነ ኣበይ ኣለኹ?" ኣካል ናይቶም ንሕና ዝበሉ ንቑሓት ሰባት'ዶ ወይስ ኣካል ናይ'ቶም ዘውቀሱ? ኣብ ሓዳኡ ወይ'ውን ኣብ ክልቲኡ፡ ገለ ዝቃሕክሉ ገለ ከኣ ግና ዘይፈለጥክዎ ክህሉ ከኣ ግድን እዩ። ኣብ ዝኾነ ዛዕባታት ሓደ ዓውዲ-ፍልጠት፡ ዘለናን ንቕሓትን ጸቡቕ፡ ኣብቲ ካልእ ድማ እንዶ ዘይብልና ክንኸውን ንኽእል ኢና። ካልኦት'ውን ብተመሳሳሊ ከምዚ ኮማና ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ካብኡ ናብኡ ኣከባብያዊ ንቕሓት ብዝምልከት፡ ኩልና ንብዙሕ ኣከባብያዊ ጉዳያት ዘይስተብሀሎ ወይ'ውን ዘይንፈልጦ ጋፍ ነገር ኩይኑ ኢና ንረኽቦ። ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ኩልና ኣብ ኩሉ ኣከባብያዊ ጉዳያት ንቕሓት የድልየና። እዚ ማለት፡ ነቲ ብሰሪ ንቕሓት ዘይምህላው ዝፍጠር ኣከባብያዊ ብደሆ ንምፍታሕ፡ ተሳቲፎ ክህልወና ዘለና ጸፍሕን ደረጃን ነቲ ጉዳይ ብዝምጥእ ዝቓሕናሉ ክንኸውን የድልየና።

ካልእ ኣብ ጉዳይ ኣከባቢ ክንርድኦ ዘለና መሰረታዊ ነገር፡ ገሊና ኣፅውቲ፡ ገሊና ድማ ግዳያት ጥራይ ይመስለና። ብርግጽ ብዙሓት ዓመጽትን ሸለል በሃልትን ዝያዳ ከሰንዉ ከለዉ፡ ካልኦት ኣብ ትሕቲ መሳብርን ተኣፈፌ ቦታን ዝርከቡ ተዛለይቲ ይኾኑ። ብኣንጻሩ ግዱሳትን ዕቱባትን ዝኾኑ ኣካላት ግን ዝያዳ ካልኦት ንኣከባቢ ክከላኸሉን ክዕቅብዎን ስለዝተግሁ፡ ጽልዋኦም ንብዙሓት ክረብሕ ይኽእል።

ብሓፈሻኡ፡ ዳርጋ ኩሉ ኣብ ዘመናት ዝማዕበለ ባህርን ናይ ምንባር ኣካይዳን ወዲ-ሰብ ኣብ ኣከባቢ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘይብሉ ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ምንባር ቀጻሊ ክሳብ ዝኾኑ ደቂ-ሰብ ኩሉ ንምንባርና እንገብሮ ንጥፈታት ዝያዳ እናተሓላለኸን እናጸገመን ክቕጽል'ዩ። ክብ ኢሉ ከምዝተገልጸ ድሕረት ተመሊስና ኣብ ኣከባቢ ጉድኣት ዘየምጽኡ ንጥፈታት (ዓይነት ኣካብራ) ክጀምር ዘይሕሰብ፡ ልምድታትና ክንገድፍ ወይ ንኣከባቢ ፈጺሙ ኣብ ዘየዕሉ ሓድሽ መድረኽ ብቐጽበት ክንሰግር'ውን ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ብኸምዚ ዘለናዮ ኣከባቢና እናብረስና ክንቅጽል ድማ ነዊሕ ከሰጉመና ዘኽእል ኣይኮነን። ጥፍኣትና ዘቀላጥፍ ምኽንያት ደጋግምና ዝረኣናዮን ኣብ ህይወትና ዝተመኩርናዮን ክሳብ ዝኾነ ድማ፡ ምኽሪ ኩነ ነገሪ እንደልየሉ ጉዳይ ኣይኮነን።

ከም ሰባት ኣብ ጉዳይ ኣከባቢ መጀመርታ እንሕተቶ፡ ምሉእን ቀጻሊ ዝምዕብልን ንቕሓት ክህልወና ዝበል'ዩ። ኣብ እኹል ፍልጠትን ሓቅታትን ተሰሪትና፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ ነገራዊ ንጥፈታትና እንነብሮ ለውጢ ምግባርና፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ናይ ኣተሓሳስባ ባህርን ለውጢ ክምዕብል ኣለና። ኣብ ኩሎም ዘለዉና መሳርሒታት ማእቶት (ካብ ዝተሓተ ባህላዊ መሳርሒ ክሳብ'ቲ ዝተራቐቐ ተክኖሎጂ) ተጠቒምና እነካይዶም ንጥፈታት ብዝተኻእለ ንኣከባቢ ዘይሃስዩ ገይርና ከመሓየሽምን ውሑስ መተካእታ ክንገብረሎምን። ኩሎም ሓደስቲ ምህዞታትን መተካእታታትን ቅድሚ'ቲ ቀጠባዊ ረብሓታቶም ንኣከባቢ ዘውሕሱ ኩይኖም ከም ዝሰንዑ (ዝሰርሑ) ክንገብር፡ ኩታ ምስ ኣከባቢና ተሳኒናን ተፋቒርናን ክንነብረና ዘኽእል ጥበባን ልቦናን የድልየና።

"መንግስቲ እንተዘይሰሪሑ ውልቀ-ሰባት እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ?" ብምባል፡ ዝምጉቱ ብዙሓት እዮም። ይኹን'ምበር፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ እንተዘይ ነቒሑን ኑሓድሕዱ እሂን ምሂን እናተበሃሃለ እንተዘይ ተደጋጊፉን ብውልቂ ጉይኻ ዝበጽሕ የለን። ግደ ሓቂ መንግስቲ ብዘይ ውልቀሰባት እንታይ ክገብር ይኽእል? ስለዚ፡ ኩሉ ክህሉ፡ (ኣ፡ ንሸኻን ንሸኪን) ኣብኡ ንዛሉ። እዚ ምስ ዝኸውን ድማ'ዩ ኣብርክቶ ጥሙር ዕዮን ዓወትን ኣከባቢ ዝዓዝዝ።

ስለዚ ኩሉ ግዜ ብዙሓ ገለ መደባት፡ ንጥፈት፡ ኣገልግሎታት ወይ'ውን ሓደሽ ምህዞታትን ፕሮጀክትታትን ክንሓስብ (ክንትልም) ከለና፡ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታትን ንዕኦም ዝጠቕዑ መልሲታትን እናሓሰብና ክንርእዮ የድልየና።

- ኣጉዳእቱ ኣብ ህይወት እንታይ'ዩ? እንተተረፈ ወይ'ውን ብኸፊል እንተኾነ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?
- ጽልዋኡ ኣብ ኣከባቢን ዘውርዶ ጉድኣትን'ከ?
- ብሰንኩ ዝኣፈፍ ኣየናይ ክፋል ኣከባብን ክፋል ሕብረተሰብን እዩ?
- ከም ኣማራጺ ክህልዎ ዝኽእል መተካእታ እንታይ ኣሎ . . .ወዘተ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንምሉእ ሰእሊ ኣከባብያዊ ዕንወታት እናረኣና ክንምገናኘቐን ተሰፋ ክንቆርጽን የብልናን። እንታይ ደኣ ኣብ ዘለናዮ፡ ጉዳያት ከም ኣመጻጽኡኣም እናረኣና፡ ዝወፈርናሉ ዕማም፡ ሃገራት ምስ ኣከባቢ እናተሓላገዝና ብንቕሓት ክንሰርሕ የድልየና። ዝተኣሳሰሩን ዝተሓላለኹን ዝመስሉ ዘጋጥሙና ጉዳያት ግድን መፍትሒ ንምድላይ ክንሰርሕ፡ ሓይሊን ውጥንን የድልየና። እዚ ድሕሪ ምግባርና፡ ለውጢ (ሕወየት) ከምእነምጽእ ክንኣምን ኣለና።

**"ጥዑይ ኣከባቢ፡ ጥዑይ ህዝቢን ሃገርን!"**

**የሲፍ ገብረኣቢሱስ**
**ክፍሊ ኣከባቢ ሚ/መ/ማ/ኣ**





ተጋባእቲ ኣብ መዓልቲ ኣከባቢ.


# መዘናጋዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቅድሚ ዓወት ዘሎ ቃልሲ

“ዕወታት ሰባት፡ ንኸይሰዕሩ ወይ ንኸይወድቁ ኣይፈርሑን እዮም። ውድቀት ኣካል መስርሕ ዓወት እዩ፡ ኢዩ። እቶም ውድቀት ዝፈርሑ ሰባት ካብ ዓወት እዮም ዝርሕቁ” ብምባል እዩ ሮበርት ቲ ኪያሳኪ ዝገልጾ። ዕወት ናብራ ምህናጽ ኣቢቲ ንህይወት ክትመልኽ እተካይዶ ቃልሲ እዩ ዝምርኮስ፡ ዓወት ፍረ ጻማ፡ ሓጎስ፡ ዕላማ፡ ምሕዝነት ኮታ ኩሉ ካብቲ እንመልኮ ውሽጥናዩ ዝምንጩ። ንህይወት ክትሰዕራ’ሞ ዕወት ኳንካ መታን ክትወጽእ፡ ቅድሚ ኩሉ ንነብስኻ ምስዓር የድሊ። ኣካል ናይቲ ንህይወት ክትመልኽ ዝቶዶድ ምርብራብ ከኣ’ዩ።

ንነብስ ግትኣትካ ንግዩማዊ ረቛሕታት ኣሕሊፍካ ብምሃብ፡ ንውሽጣዊ ዓለምካ ረሲዕካ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ንዘየኮነ ምቁማት ንጻወዒት ውሽጥኻ እዚዚ ዘኽልእ ተግባር እዩ። ኣብ ህይወቱ ንጹር ራኢ ሒዙ ዝወፈረ ሰብ ካብቲ ደንንገዩ ናብ ቅኑዕ መስመር ዝተጸንበረ ዝሓሸ ህይወት ናይ ምምራሕ ዕድል ኣለዎ። እዚ ማለት ግን እቲ ንመፍትሕ ህይወት ድሕሪ ብዙሕ ኮለልን ናይ ግዜ ክሳራን ዝረኸቡ ዕወት ናይ ምኳን ተኽእሎ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ ሕሉፍ ህይወትካ ዝተኸተልካዮ ዘይቅኑዕ መስመርን ብሰንኩ ዝኸሰርካዮም ዓወታትን ብዘየገድስ፡ ምሉእ ሓይልን ጻዕትን ክሳብ ዝሃለወካ ክትሃንጾ ዘይትኽእል ዕወት ናብራ የለን። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ዕወት ናብራ ንምህናጽ ዝጠቕሙ ሰለስተ መሰረታውያን ነገራት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ ዲሲፕሊን፡ ብልሒ ዘሰንዮ ጻዕርን እተውንናዮም ክብርታትን እዮም።



ሓደ መንእሰይ ናብ ሶቅራጦስ ብምኻድ ምስጢር ዓወት እንታይ’ዩ ክብል ተወከሶ። ሶቅራጦስ ድማ “ክዛረበካ እንተደሊኻ ጽባሕ ንጉሆ ኣብ ገምገም ሩባ ርኸበኒ” በሎ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ ገምገም ሩባ ተራኸቡ። ሶቅራጦስ ድማ ንዓ ሰዓቢ ብምባል ሒዝዎ ናብቲ ሩባ ኣተዉ። እቲ ማይ ኣብ ክሳዶም ብዝበጽሐ ሶቅራጦስ ነቲ መንእሰይ ሃንደበት ብኽሳዱ ሒዙ ናብቲ ማይ ከጥልቆ ጀመረ። እቲ መንእሰይ ብዘለዎ ሓይሊ ክወጽእ ፈተነ። ሶቅራጦስ ግና ሰራውር ገጹ ክሳብ ዝበታተር ኣትሪሩ ሓዞ። ኣብ መወዳእታ ድማ ፈነዎ። ኣብቲ ኣጋጣሚ እቲ መንእሰይ ፈለማ ዝገበሮ ነገር እንተላይሩ ብሓይሊ ካብቲ ማይ ክሰዱ ኣውጺኡ ኣየር ብምስሓብ ብዕምቆት ከስተንፍሰ’ዩ ፈቲኑ። “ኣብቲ ማይ ጠሊቕካ እንከለኻ እንታይ ትደሊ ነይርካ?” ሶቅራጦስ ተወከሶ። “ኣየር” ክብል መለሰ መንእሰይ። “ምስጢር ዓወት እምበኣር፡ ከምቲ ኣየር ክትረክብ ዘካየድካዮ ቃልሲ፡ ዓወት ክትረክብ’ውን ከምኡ ዓይነት ቃልሲ ምስ እተካይድ’ዩ።” ክብል መለሰሉ ሶቅራጦስ።

- ኣብ ዓወት ዘብጽሕ ስራሕ እዩ። ስራሕ ከኣ ዲሲፕሊን እዩ። ዲሲፕሊን ማለት ኣብ ዝወጠንካዮ ምጅናዕ ክሳብ ጫፍ ደረት ትርኢት ጉዕዞኻ ብዕቱብ ምጉዓዝ፡ ኣብ ጸገማት መሊሶካ ምብላሕ፡ ኣብ ፍጻመ ክተብጽሖ ንዘወሰንካዮ ኹሉ ንኽትገብሮ ዘይምስልካይ ማለት እዩ። ብዚይኣ’ዚ ዲሲፕሊን ንነገራት በብመንገዶም ምስ እትኸዶም፡ ካብ ቅኑዕ መስመር ምስ ዘይትወጽእ፡ ከምኡ ድማ ዋላ’ውን ኣብ ፈታኒ ኩነታት ቅንዕና ምስ ዘሰንዮካ እዩ። ብሓፈሻ፡ ዲሲፕሊን ኪንዮ ብድሆ ንዘሎ ዓወት ጠሚትካ ምስራሕን ክትጭብጦ ምኻንካ ምእማንን እዩ።
- ካልኣይ ናይ ዓወት ረቛሒ፡ ትኩርነት ከየጉደልካ ኣብርትዕካ ምስራሕ እዩ። ካብ ርኹባት ሰድራ ተወሊድ ካብ ድኻ ሰድራ ብዘየገድስ፡ ብልሒ ኣሰኒኻ ምስራሕ ጥራይ’ዩ ሕመረት ዓወት። ካብ ስራሕ ዝሸፈተ ኣእምሮ ግን ምስ ዓወት ከይተኻዘፈ እዩ ዝነብር። መሰረት ዓወት ኣብ ስራሕ ምእማን እዩ። ምስጢር ሃብቲ ናይ’ቶም ኣብ ዓለም ብሃብቶም ዝፍለጡ ሃብታማት ሰባት፡ ብልሒ ኣሰንዮም ስለ ዝጸዓሩን ስለ ዝሰርሑን እዩ። ምስ ዓቕምኻ ዝኸይድ ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ዕድላት ኣለሊኻ ክትጥቀመሎም ምስ ዘይትኽእል፡ ንዓለምካ ረሲዕካ፡ ኣብቲ ኣእምሮኻ ዝቖረጾ ዓለም ወይ ኣብ ናይ ካልኦት ዓለም ክትነብር ግድን እዩ። ኣብ ናይ ካልኦት ዓለም ክትነብር ምፍታን ከኣ ንነብስኻ ኣብ ሰንከፍ መጻወድያ ምስሉይነት ምእታው እዩ።
- እወታዊ ክብርታት ምውናን፡ እቶም እትውንኖም ክብርታት እወታውያን ኣብ ርእሲ ምዃኖም ምስ ሕግን ሞራልን ዝሳነዩ ምስ ዝኾኑ ንጉዕዞ ርእስኻን ካልኦት ብኣኻ ክጽለዉ ንዘኽእሉን ኣዝዮም ጠቀምቲ እዮም። ሰብ ኳንካ ምስ ሰብ ስለ እትነብር ብዝተጸለወ እትሃንጾ ዕወት ናብራ ስለ ዘየለ ከኣ ኣብ ህይወትካ ቅንዕና ክህልወካ ኣገዳሲ’ዩ። ኣብ መወዳእታ ንዲሲፕሊን ሕላገት ገይሩን ብሉጽ ክብርታት ወኒኑን ዝሰርሐን ዝጸዓረን ሰብ ከይተዓወተ ኣይተርፍን እዩ።

## ፍቕሪን ልግስን

ደቂ ሰብ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ናይ ልግሲ ባህሪ የንጸብርቑ እዮም። ብፍላይ ድማ ኣብ ፍቑራት ዝርአ ሓድሕድ ምልግጋስ፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኮቴተ ወዲን ጓልን ብሓደ ይጻወቱ ነበሩ። እቲ ወዲ ብርክት ዝበለ ካራሜላ ነበሮ። እታ ጓል ብወገና ሒደት ባሊና ሒዛ ነበረት። ኣብ መንጎ ጸወታኦም እቲ ወዲ ብምሉኡ ካራሜላ ምስተን ሒደት ባሊናኣ ክልውጣ ከምዝደሊ ነገራ። እታ ጓል’ውን ፍቓደኛ ምዃና ገለጸትሉ። ብድሕሪ’ዚ እቲ ወዲ ነታ ዝጠዓመት ካራሜላ ኣትሪፉ ነተን ካልኦት ብምሉኣን ንጓል ኣረከቦ። ንሳ ግን ካብተን ዝነበራኣ ባሊና ዋላ ሓንቲ ከየትረፈት ነገሩ ሃበቶ። ንምሸቱ ገዛኦም ምስ ከዱ ነታ ጓል ልዋም ድቃስ ወሰዳ። እቲ ወዲ ግን ‘ከምቲ ኣነ ዝሓብኣኩዋ፡ ገለ ቁሩብ ባሊና ደኾን ሓብኣትለይ ትኸውን’ ኢሉ ክሓስብ ምልእቲ ለይቲ ድቃስ ዘይብሉ ሓደረ። ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናኹም ይኹን ኣብ ካልእ ዘለኩም ስምዒት ማእቲ ካብ ማእቲ እንተዘይመጢኹም፡ እቲ ካልኣይኩም ብምሉእ ልቡ የፍቅረኩም እንተኾይኑ ኩሉ ግዜ ክትጠራጠሩ ክትነብሩ ኢኹም። ስለ’ዚ ቀሲንኩም መታን ክትሓድሩ ንፈታዊኹም ብምሉእ ልግሲ ቅረቡዎ።



## ባሪ ማርሻል

ፕሮፌሰር ባሪ ማርሻል፡ 30 መስከረም 1951፡ ኣብ ኣውስትራልያ ተወሊዱ። ሄች ፓይሎሪ ብ1982 ብባሪ ማርሻል እዩ ተረኺቡ። ኣብ 2005 ሽልማት ኖቤል ፊዚዮሎጂ ተዓዊቱ እዩ። እዚ ንሻምብቆ መግብታት ክፍሊ ኣካላት ዘቑስል ባክተርያ ልዕሊ 50% ኣብ ዘይማዕበላ ወይ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ደረሱ። እዚ ሕማም ሓደገኛ ዝንበሮ ጉዳይ ክሳብ ኣብቲ ሓደገኛ ዝበሃል ደረጃኡ ዝበጽሕ ከቢድ ምልክታት ዘየርኢ ምዃኑ’ዩ። እዚ ማለት ቃንዛ ከብድን ዕግርግርን እንተዘይኮይኑ ካልእ ፍሉይ ዝበለ ስምዒታት ምስ በርተዐ’ዩ ዝርኣዩ። ሓደ ሰብ መግቢ ምብላዕ ምስ ዝኣብዮ፡ ኣብ ተምላስ ወይ ቀልቀል ደም ምስ ዝርኣይ’ዩ ናብ ሕክምና ዝኸይድ። ብ’ሄሊኮባክተር ፓይሎሪ’ ዝመጽእ ሕማም መብዝሕትኡ ግዜ ብርስሓት ከም ዝመጽእ’ዩ ዝፍለጥ። ስለዚ መግቢ ቅድሚ ምብላዕና ኢድና ብግቡእ ክንሕጽቦን መግብና ብግቡእ ክንሕዝን ኣገዳሲ ይኸውን። ንኣፈዋውሳኡ ዝምልከት ካብ ካልኦት ሕማማት ወጻኢ ብዘተሓዋወሰ መድሃኒታት ስለዝፍወስ ምኽሪ እውን ስለዘድልዮን በዚ ሕማም’ዚ ዝተለኽፈ ሰብ ናይ ግድን ናብ ሕክምና ክኸይድ ኣለዎ።



## ስምዒታዊ ጥዕና

ኢያንጋር ዝተባህለ ሊቕ፡ ንጥዕና “ምሉእ ሰላት ኣካልን ኣእምሮን መንፈስን” ብምባል እዩ ዝገልጾ። ጥዕና ሓደ መሰረታዊ ስምዒታዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ኣካላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ከምኡ’ውን መንፈሳዊ ኩርናዓት የጠቓልል። ስምዒታዊ ጥዕና (Emotional health)፡ ብብዙሕ ሸነኹ፡ ዓይነታዊ ጥዕና ደቂ ሰብ ንስምዒታት’ዩ ዘንጸብርቕ። ስምዒታዊ ጥዕና ሓደ መዳይ ጥዕና ኣእምሮ እዩ። ንእወታውን ኣሉታውን ስምዒታት ክትጻወር ዘለካ ክእለት እዩ። ብዙሓ ስምዒታዊ ጥዕና ዘለካ ንቕሓት ድማ የጠቓልል። ብስምዒት ጥዑያት ሰባት ንኣሉታዊ ስምዒት ጸቡቕ ናይ ምጽዋር ኣቕሙ ኣለዎም። ሓገዝ ንምርካብ መዓስ ናብ ሰብ ሞያ ክበጽሑ ከም ዘለዎም ከኣ ብጊቡእ ይፈልጡ።

ስምዒታዊ ጥዕና ምስ ኣካላዊ ጥዕና ዝተኣሳሰር እዩ። ብዙሕ ጸቕጥን ኣሉታዊ ስምዒታትን ዘጋጥሞም ሰባት ኣብ ገለ ግዜ ካልእ ናይ ጥዕና ጸገማት የማዕብሉ እዮም። እዞም ጸገማት ብጽቅጥታ ኣሉታዊ ስምዒታት ዝፍጠሩ ዘይኮኑ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ስምዒታዊ ምቁጽጻር ኣሉታዊ ስምዒታት ክጸልውዎም ዝኽእሉ ባህርያት እዮም። ንኣብነት፡ ገለ ሰባት ሽጋራ ምትካኽ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ክሰትዩ ንውጥረት ንምፍዋስ ባህ ይብሎም። ይኹን እምበር፡ እቶም ልምድታት ንመሸሮ፡ ሕማም ልቢ ካልኦት ጸገማትን የቃልዑ።

ስምዒታዊ ጥዕና ንንብረ ርእስኻ ብግቡእ ምርዳእን ንጸገምካ ብትብዓት ምግጣምን ከኣ የጠቓልል። ኣብ ዕለታዊ ናብራና መኻልፍ ኪጋጥመና ንቡር’ዩ። ንግበኡ



ወይ ንነውሕ ዝበለ እዋን ከጨንቑና ይኽእሉ። እዚ ኹሉ መኪትና፡ ዕለታዊ ዕዮና ከሰላስል፡ መጻናዕትና ክንዝክሮ፡ ምህርትና ብግቡእ ክንሓፍስ፡ ኣብ መጠረሽታ ድማ ሕጉስ ህይወት ክንመርሕ ድማ ትጽቢት ይግበረልና። ኣብ ጽቡቕ ስምዒታዊ ጥዕና ዘርከቡ ሰባት፡ ዝተሓላቱ ምስ ጭንቀት ዝተኣሳሰሩ ሕማማት፡ ከም መርዘን ርእስን ኣዝዮማን ካልኦትን የጋጥሞምም። ጸቕጢ ወይ ምርባሽ ስምዒት ንብዙሕ ግዜ እንተ ቐጺሉ ግና ኣካላትና ናይ ሕማም ምጽዋር ዓቕሙ ይምህምን። ከም ሳዕቤኑ፡ ብዝኾነ ሕማም ተጠቂዕና፡ ኣብ ዓራት ክንድኽስ ንኽእል።

ቁጥዐ፡ ክንቡደል እንከለና እንህቦ ግብረ-መልሲ ስለ ዝኾነ ፍትሒ ጉዲሉና ከምዝሎ እነርእየሉ ናይ ምብህሃል ኣገባብ’ዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ቁጥዐና ምስ እንኸውል ግን፡ ሓደገኛነቱ ክዛይድ ከም ዝኽእል ይግለጽ። ቍጥዐኻ ምስ እትሓብኦ እቲ ሰብ ክሳብ ክንደይ ይብድለካ ከም ዘሎ ክርድኦ ስለ ዘይክእል፡ ነቲ ዝጉብሮ ዘሎ በደል ኣየቋርጾን እዩ። በዚ ድማ ዘየርጉእ ዝምድና ይህልወካ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ሕማቕ ኣንፈት ከምርሕ ይኽእል። ቍጥዐ እንተደኣ ብግቡእ ተጠቒምናሉ ንጉዚ ርእስና ከሰተብህል ክሕግዘና ይኽእል እዩ። ንኣብነት ጸገም ኣብ ዝገጥመና ወይ ኣብ እንጋጸሉ እዋን ብቐልጡፍ ፍታሕ ክንፍትሸን ጌጋና ክንእርምን የኽእለና’ዩ። ቍጥዐ ብሃናጺ ኣገባብ ንኽንጥቀመሉ ብውሕዱ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ከረጋግጽ ይግባእ። እሃንጸብርቕ ቍጥዐ ሚዛናዊ ምኳኑ ምርግጋጽ፡ ቍጥዐ ሸግርና ኣብ ምፍታሕ እንጥቀመሉ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ደኣ’ምበር መተንፈሲ ሕማቕ ስምዒት ከምዘይኮነ ምርግጋጽ። ቍጥዐውን ሜላ ኣጠቓቕማኡ እንተፈሊጥናዮ ሓደ ካብቶም ዝበለጸ ክፋላት ስምዒትና’ዩ።

# ካብ ዘበታት

ብስራት ተመስገን

## መ/ው/ል ጨንፈር ደቀምሓረ፡ ዓማዊሉ ኣፍረይቲ ክኾኑ ኣበርቲዑ ይሰርሕ

“ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘቡ ካብ ኣፍራይነት ዝበኩር ዜጋ ኣይክህሉን’ዩ” ዝብል ጭርሖ ሒዙ’ዩ ንዓማዊሉ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዝርከብ ዘሎ። ዝሀቦ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ከኣ ኣብ ኩሉ ጫፋት ኤርትራ ጨናፍር ከፊቱ፡ ዕማሙ የሰላስል። ከም ውጽኢት ናይ’ቲ ዝሀቦ ስሉጥን ኣዕጋብን ኣገልግሎት፡ ብዙሓት ትሑት መነባብሮ ዝነበሮም ዜጋታት፡ ኣብ ማሕበራ-ቁጠባዊ ሂወቶም ለውጢ ክመዝግቡን ናብ ዝሓሸ ምዕባለ ክሰጉሙን ገይሩዎም ይርከቡ። እዚ ካብ ዝምስረት ኣስታት 29 ዓመት ገይሩ ዘሎ መንግስታዊ ትካል፡ ‘መውል’ ብዝብል ኣሕጽሮተ ቃል’ዩ ዝጽዋዕ። መውል ማለት፡ መደብ ወህለላን ንኣሽቱ ልቓሕን ማለት ’ዩ።


ወ/ሮ በረቐት ገብረመድህን


ቀሺ ተኽለማርያም ክፍለማርያም

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝርከብ ጨንፈር መውል፡ ንዝተማስረተሉ ዕላማን ተልእኾን ንምፍጻም፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ኣገልግሎቱ እናኣስፍሐ’ዩ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ዘሎ። እዚ ጨንፈር፡ ንሽዱሽተ ንኡሳን ዞባታት ጠርኒፉ’ዩ ኣገልግሎት ልቓሕ ዝሁብ። እዘን ሽዱሽተ ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ንኡሳን ዞባታት ሰገነይቲ፡ ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ማይ-ዓይኒ፡ ጾሮናን ደቀምሓረን እየን። ትካል መውል ክሳብ ምምሕዳር ከባቢታት ብምእታው፡ ህዝቢ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ከይበኩር፡ ኣስተምህሮ እናሃበ፡ የተባብዖን ንዓማዊሉ የበግሶን።

ነበርቲ እዘን ሽዱሽተ ንኡሳን ዞባታት፡ ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዝርከቦ፡ ብኡ መንጽር ሰፊሕ ቀላሒታ ይሓትት። መነባብሮኦም’ውን ኣብ ማሕረሰን ሕርሻን ጠመተ ዝገበረ ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ሕርሻዊ መደባቶም ሓገዝ ኣብ ዝደልዩሉ እዋን፡ ኣብ ጎድኖም ዝቐውም ትካል ወህለላን ንኣሽቱ ልቓሕን ማለት መውል እዩ። ንጥፈታት ሕርሻ፡ ናቱ ዝጠልቦ ፋይናንስያዊ ረቛሒታት ኣለዎ። ገለ ካብኡ ድማ፡ ምትካል ጸሓያዊ ጸዓት ኣብ ጀርዲን ኮይኑ፡ እዚ ከኣ ኑቲ ሕርሻዊ ንጥፈት እወታዊ ውጽኢት ከምጽእ ኣኽኢሉዎ ይርከብ። ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮ፡ ሓረስቶት ወጻኢታት ናይ ኑዳዲ ይኹን ጽገና ናይ ማይ ሞተረ፡ ኣብ ስራሖም ክሳራ ከም ዘውረደሎም እዩም ዝገልጹ። እንተኾነ፡ ንጸገማቶም መፍትሒ ንምርካብ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ትካል መውል ብምምጻእ፡ ጸሓያዊ ጸዓት ዝጥቀምሉ ዕድል ተፈጢሩሎም ኣሎ። በዚ ምኽንያት፡ ንምትካል ጸሓያዊ ጸዓት ዝኾውንጥረ ገንዘብ ብመልክዕ ልቓሕ ካብ መውል እናወሰዱ ይሰርሑ ብምህላዎም፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ምህርቶም ከኻዕብቱ በቒዖም ይርከቡ። ብመሰረት መምርሒ መውል፡ ዝወሰድዎ ናይ ገንዘብ ልቓሕ፡ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ክመልስዎ ስምምዕ ስለዝኹብሩ፡ እዚ ሜላ’ዚ፡ ዓማዊል መውል ኮይኖም ነዊሕ ክሰጉሙ ኣኽኢሉዎም ከም ዝሎ ይምስክሩ። ብተወሳኺ፡ ካብ መውል ዝርከብ ገንዘብ፡ ንሓረስታይ ኣብ እዋን ክራማት ዘርኢ ኣብ ዝደልየሉ ግዜ፡ ኢዱ መሊኡ ዘርኢ ክዕድግ ዕድል ይፈጥረሉ። ከምኡ’ውን ምህርቲ ኣህቢ ዘካይዱ ሓረስቶት፡ ንመዐደጊ ቀፎ ኣህቢ ዝኸውን ገንዘብ ካብ’ዚ ትካል ክረኽቡ ይሕግዞም።

መደብ ወህለላን ንኣሽቱ ልቓሕን (መውል)፡ ኣብ ሓምለ 1996 ዝቖመ መንግስታዊ ትካል’ዩ። ክሳብ 2001 ማለት ንዝቐጸለ ሓሙሽተ ዓመታት ከኣ፡ ከም ኣካል ደገፍ ንኮማዊ ልምዓት ኤርትራ (ECDF) ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ነጢፉ። ካብ 2002 ንድሓር ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት ኮይኑ፡ ንጥፈታቱ የካይድ ኣሎ። ራእይ መውል፡ ተገልተልቲ መነባብሮኦም ተመሓይሹ ምርኣይ እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ተልእኾ ናይ’ዚ ትካል፡ ብሉጽን ሰፊሕን መጠነ ንኡስ ፋይናንስያዊ ኣገልግሎት ልቓሕ ምሃብ እዩ። ንመውል ስሉጥን ተኣማንነትን ዘለዎ ንምግባሩ ከኣ፡ እዚ ትካል ወትሩ ዝሰርሓሉን ዝጽዕተሉን ዘሎ እዩ። እቲ ክበጽሖ ተደልዩ ዘሎ ዕላማ ድማ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራትን ሓወሲ ከተማታትን ዝርከቡ ብሰንኪ ራሕቅን ትሕጃ ናይ ምልቃሕን ካብ ወግዓውያን ፋይናንስያውያን ትካላት ዕድል ዘይረኸቡ ዜጋታት፡ ብመገዲ መውል ኣብ ከባቢኦም ብቐሊሉ ዕድል ልቓሕ ተፈጢሩሎም፡ ኣብ ኣፍራይነት ንክሳተፉን መነባብሮኦም ከመሓይሹን ምሕጋዝ እዩ።

ትካል መውል ዝህቦ ኣገልግሎት ልቓሕ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ይምቀል። ንሳቶም ከኣ፡ ብጉጅለ ተጠርኒፎም ንዝመጽኡ ዝወሃብ ዓይነት ልቓሕ (group loan)፡ ንውልቀሰብ ዝወሃብ ልቓሕ (individual loan)፡ ከምኡ’ውን ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝወሃብ ልቓሕ እዮም። እቶም ብጉጅለ ዝልቀሑ ዜጋታት፡ ኣብ ንኡስ ሸቐጥ ንኽሰጥዎ ዝበጽሑ ዓማዊል እዮም። ብዙሓ ናይ’ቶም ኣብ’ታ ጉጅለ ዝጥርነፉ ዓማዊል ድማ፡ ካብ ሰለስተ ንላዕሊ ክኾኑ ይግባእ። ንኡስ መጠነ ሸቐጥ፡ ኣብ ዘቤታዊ ዝተመርኮሰ ኮይኑ፡ ከም ጠሉብ ብርጻራ ኣሕምልትን ፍረታትን ካልኦትን ይርከቦም። ዝኣተዎም ዝወሃብ መጠን ልቓሕ፡ ካብ 6 ሽሕ ክሳብ 20 ሽሕ ናቕፋ ይበጽሕ። እቲ ከም ካልኣይ ተጠቒሱ ዝርከብ ንውልቀ ሰብ ዝወሃብ ልቓሕ ከኣ፡ ንሱብ ትካላት፡ ወሃንቲ ጀራዲንን ካልኦትን ዘጠቓልል እዩ። እዚኦም ድማ ካብ 30 ሽሕ ክሳብ 150 ሽሕ ናቕፋ ክልቀሑ ይኽእሉ። እቲ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ኣገልግሎት ልቓሕ፡ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝወሃብ ልቓሕ እዩ። እዚ ልቓሕ’ዚ፡ ብመንጽር ደሞዝ ሰራሕተኛታት ዝወሰድ ዓይነት ልቓሕ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ዝኸፈል እዩ።

ኣብ ዓመት 2024፡ መውል ጨንፈር ደቀምሓረ፡ ብጉጅለ ዝተወሰደ መጠን ልቓሕ ልዕሊ 2.6 ሚልዮን ናቕፋ፣ ብውልቀሰብ ዝተወሰደ ኣስታት 3.2 ሚልዮን ናቕፋ ክኸውን ከሎ፡ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝተወሰደ ልቓሕ ድማ፡ ኣስታት 5.2 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝበረ፡ ጸብጻብ ናይ’ቲ ጨንፈር ይሕብር። መጠን ናይ’ቲ ንሰለስቲኡ ጉጅለታት ተለቓሒቲ ዝተዋህበ ገንዘብ፡ ልዕሊ 11 ሚልዮን ናቕፋ ክኸውን ከሎ፡ እዚ ድማ ን868 ዓማዊል ዝተዓደለ እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ካብ ዓማዊል ተኣኪቡ ተመላሲ ዝኾነ ብዙሒ ገንዘብ ኣስታት 9.3 ሚልዮን ናቕፋ ክኸውን ከሎ፡ ተረፍ ሚዛን ልቓሕ ናይ’ቲ ወፊሩ ዘሎ ገንዘብ (outstanding balance) ድማ፡ ልዕሊ 12.3 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝኾነ ሓላፊ ጨንፈር መውል ደቀምሓረ፡ መንእሰይ መንክም ካሕሳይ ይገልጽ።

ብዙሒ ዓማዊል ትካል መውል ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ’ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ዓማዊል መውል ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። ንሳቶም ከኣ፡ ተለቃሕትን ኣዋህለልትን ይብሃሉ። ብዙሒ ተለቃሕቲ፡ 1,394 ኮይኖም፡ ካብኣቶም እተን 973 ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ብዙሒ ኣዋህለልቲ ድማ፡ 1638 እዩ። ብጠቕላላ ድማ፡ ጨንፈር መውል ደቀምሓረ 3,032 ዓማዊል ኣለውዎ። ብመሰረት ሓበሬታ መንእሰይ መንክም ካሕሳይ፡ እቶም ኣዋህለልቲ ተባዚሎም ተጠቒሶም ዘለዉ ዓማዊል መውል፡ ቅድሚ ልቓሕ ምውሳዶም፡ 10% ናይ’ቲ ሓቲቶሞ ዘለዉ መጠን ገንዘብ ክኸፍሉ ይግደዱ’ዮም። ልቓሖም ከፊሎም ምስ ወድኡ ከኣ፡ እቲ ኣቐዲሞም ዝኸፈልዎ 10%፡ ኣዋህለልቲ ይኹኑ’ዮም። ከም ኣማራጺ’ውን እንተ ደልዮም፡ ነቲ ኣቐዲሞም ዝኸፈልዎ 10% ገንዘቦም፡ ክወስድዎ ይኽእሉ እዮም።

ትካል መውል፡ ዓማዊል ናብ ዝርከብሉ ርሑቕ ገጠራትን ሓወሲ ከተማታትን እናኸደ፡ ኣገልግሎት ልቓሕ ይህብ። እዚ ኣገባብ፡ ዓማዊል ናይ መጓዓዝያን ካልእን ወጻኢታት ከጉድሉ፡ ከምኡ’ውን ትሑት መጠን ወለድ ክኸፍሉ ይሕግዞም። መውል፡ ንሰራሕተኛ መንግስቲ፡ ሸውዓተ ሚኢታዊት ወለድ እዩ ዘኽፍል። ካብ’ዚ፡ እቲ 1%፡ ተለቃሒ ካብ’ዚ ዓለም ብሞት ምስ ዝፍለ፡ ንስድራቤቱ ዋሕሱን ካብ ዕዳ ናጻ ዝገብር ናይ መድሕን ሂወት (ኢንሹራንስ) ብጽሒት እዩ።

ወ/ሮ በረቐት ገብረመድህን እያ ትብሃል። ተቐማጢት ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ እያ። ኣብ 2005 ናብ ትካል መውል ብምኻድ ልቓሕ ጀሚራ። ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ መሬት መንግስቲ ምስ ተዓደለት ከኣ፡ ኑታ መሬት ሓንቲ ክፍሊ ገዛ ሰሪሓትላ። ጥሕንን ሽሮን እናሸቀጠት ከኣ፡ መነባብሮኣ ትመርሕ ኣላ። ኑቲ ዝተዋህባ መሬት ሰለስተ ክፍልታት ክትሰርሓሉ ምስ ሓሰበት ከኣ፡ ናብ ትካል መውል ክትከይድ’ያ መሪጻ። ምስ ሳልሳይ ርእሳ ናይ ጉጅለ ልቓሕ ምስ ሓተተት ድማ፡ ናይ 3 ሽሕ ገንዘብ ተለቂሓ። ከምኡ እናበለት ብምቕጻል ከኣ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣስታት 16 ሽሕ መጠን ገንዘብ ክትልቃሕ በቒዓ ኣላ። ኣብ ውሽጢ’ዚ ምስ ትካል መውል ዝነበራቶ ናይ 20 ዓመት ጉዕዞኣ፡ ክሳብ ናይ 250 ሽሕ ናቕፋ ክትወስድን ክትመልስን ክኢላ ኣላ። ወ/ሮ በረቐት፡ ኣብ’ታ ዓሚል መውል ክትከውን ዘሰምያ እንተ ነይሩ፡ ኣብ እዋኑ ልቓሓ ናብ ትካል ትመልስ ስለዝነበረት እዩ። በቲ ትልቅሖ ዝነበረት ገንዘብ ኑቲ ዝተዋህባ መሬት ተወሳኺ ክፍልታት ክትሰርሓሉ ከም ዝኸኣለት እትገልጽ ወ/ሮ በረቐት፡ ትካል መውል ዝህበራ ናይ ልቓሕ ኣገልግሎት እያ እተመስግን።

ቀሺ ተኽለማርያም ክፍለማርያም እውን ተቐማጢ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ እዩ። ኣብ ሸቐጥ ዝጥጥፍ ኒጋዳይን ብዓል ሞያ ህንጻን እዩ። ኣብ 2006 ናብ ትካል መውል ብምኻድ ልቓሕ ከም ዝሓተተ ከኣ ይሕብር። ንሱ፡ ገዛ ይሰርሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ መዓጹ ምስ በጽሐ ገንዘብ ምስ ሓጸሮ፡ ካብ ትካል መውል ናይ 30 ሽሕ ናቕፋ ተለቂሑ ኑቲ ዝጀመሮ ህንጻ ኣብ ፍጻመ ኣብጺሑ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ከኣ፡ ብሶላ’ቲ ካብ መውል ዝወሰዶ ዝበረ ናይ ልቓሕ ዕድል፡ ኣብ ንጥፈታቱ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናሰጎመ ከምዝመጽኤ’ዩ ዝጽዕል። ካብ 2006 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ፡ እናወሰደን እናመለሰን ክብ ብ1.5 ሚልዮን ናቕፋ ክልቃሕ በቒዑ ዘሎ ቀሺ ተኽለማርያም፡ ዓማዊል መውል ክኾኑ ዝደልዩ ሰባት፡ ቅድሚ ልቓሕ ምውሳዶም፡ መደባቶም ከጽፍፉ፡ እሙናት ኮይኖም ልቓሖም ኣብ እዋኑ ክመልሱ ከምዘለዎም ድማ ክፍገዝቡ ተላቢዑ።

መጻኢ መደባት ትካል መውል ጨንፈር ደቀምሓረ፡ ዜጋታት ብሰንኪ ሕጽረታት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ከይበኾሩ፡ ናብሮኦም ከመሓይሹ፡ ካብ ተጸባይነት ተላቒቖም ብልቓሕ ተበጊሶም ኑብሶም ክኢሎም ናይ ባዕሎም ርእሰ ማል ከጥርዩ ኣበርቲዑ ከምዝሰርሕ፡ ሓላፊ ናይ’ቲ ጨንፈር መንእሰይ መንክም ካሕሳይ ይሕብር። ንሱ ኣሰዒቡ፡ ዓማዊል ኑቲ ዝወሰድዎ ልቓሕ፡ ኣብ ንግድን ልምዓትን ከውዕልዎ፡ ሕብረተሰብ ድማ በቲ ናታቶም ፍርያት፡ ስሉጥን ኣዕጋብን ኣገልግሎት ክረክብ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።


መንእሰይ መንክም ካሕሳይ

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፈረ ጻዕሪ |
| 17:25 | ፈንቅል |
| 18:01 | መደብ ዋልታ |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሰት ተም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጸጋቓ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions for the Bisha site project.

1. **Position: Catering Superintendent**

**Department: Employee Services- Village Service**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Manage the Catering staff and all other functions within the Catering Facility

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Oversee all aspects of camp/site catering operations.
- Ensure food safety, quality, and hygiene standards are met.
- Manage food procurement, inventory, and budgeting.
- Lead and supervise the catering team.
- Maintain a safe and efficient kitchen environment.
- Comply with all relevant health and safety regulations.
- Provide excellent customer service to all meal users on site.
- Contribute to cost-effective and efficient catering operations.
- Oversee and assist with menu preparation and planning

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Management of Catering Facility**

- Manage all Catering staff to ensure that catering standards are met.
- Manage and ensure that cleaning methods/chemicals are continuously updated.
- Ensure that spot checks are done within the area of responsibility in order to ensure that catering requirements are adhered to.
- Manage and ensure that all maintenance requests forwarded to the Engineering department are finalized.
- Manage and ensure that all function preparations are done according to the required catering standard.
- Carry out any other reasonable work instruction that is within the incumbent's scope of duty.
- Conducts routine / unannounced audits and stock takes during food arrival to site.
- Oversee and assist with menu preparation and planning.
- Ensure that Catering Staff perform regular stock takes on board all Company owned or managed vessels and ensure that all vessels maintain optimum stock levels on board.
- Responsible for procurement of all catering aspects including Edible and cooking / catering equipment / utensils utilized on board the Company owned or managed vessels.
- Review and update Company Catering Policy in terms of nutritional requirements, feeding rates, preferred suppliers, menu standards and stock levels.
- Ensure that an effective stock rotation program is in place to avoid wastage.
- Assist the team department to arrange suitable stand-in / replacement for periods of leave / training; etc.
- Perform any other related service duty instructed by Village Services Manager.

**Administrative**

- Planning meal in consultation with the Chefs.
- Follow the Procurement Process in terms of sourcing alternate quotes, when appropriate, and approving and expediting orders.
- Prepare and submit order/supply of food.
- Develop and maintain a Supplier / Service Provider performance monitoring database.
- Engage with the supply department on a regular basis to ensure cost effectiveness and the quality of services that are being provided.
- Carry out investigations into the performance and cost effectiveness of onboard catering departments.
- Organize and control any on board catering functions.

**Budget**

- Provide the budget to Village Services Manager for final approval.
- Assist and submit the annual budget for approval to Village services department.
- Continuously manage the YTD budget to ensure that expenses are within the approved budget.
- Sign off of all invoices in order to control the monthly expenses.
- Ensure that catering requisitions are captured on to the NAVISION Purchasing System.
- Ensure all catering requisitions received according to budget and company catering standards

**Human Resources Management**

- Identify training and development needs in line with the training needs analysis.
- Ensure that performance is in line with departmental objectives.
- Manage performance through counselling, training and disciplinary process.
- Mentoring/Coaching individuals to ensure personal development.
- Manage performance appraisal by identifying individual goals to be met and bi-annual reviews with individual employees
- Personnel Development Plan to be maintained in support of the succession plan.

**Health and Safety**

- Ensure that Health and Safety standards are adhered to in the Catering department.
- Manage and ensure that safety talks are scheduled daily to create awareness on health and safety.
- Report a hazard or potential hazard to the Village Services data administrator or the Village Services Manager.
- Ensure that catering staff participate in daily cleaning of his/her workstation area.
- Supervise and ensure that all chemical stock is stored in a safe manner in accordance with the procedure.
- Provide input with regards to catering / Hospitality / Hygiene when required

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be Medically and Physically fit

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| Graduate/Diploma in Hotel Management | 12 Years experience in catering environment<br>5 - 8 Years Managerial position in catering environment |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>Knowledge of food, beverage and chemicals<br>Knowledge of Health and Safety procedures<br>Knowledge of cultural food,<br>Business Writing Skill<br>Report Writing Skill,<br>Administration Skill<br>Customer Satisfaction<br>Knowledge of Stock Control and Rotation.<br>Experience in menu planning and recipe development | Interpersonal relations, Managerial skills<br>Communication (English and Local language), Decision-making skills<br>Personal Hygiene/Grooming<br>Innovative/Creative, Coach/Mentor<br>Flexibility, Conflict handling<br>Proactive individual able to use his/her initiative. |

**Position: Owner Construction Supervisor**

**Department: Eng. S&OC**
**Number required: Four (04)**

**Primary Purpose**

- Supervise the department, who Constructs "New housing & office Projects; Fences; Concrete Pads and erect shade ports etc.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Assisting in preparing a variety of site plans, plan and profile drawings, grading plans, utility plans, and roadway plans, work on AutoCAD civil 3D, site, grading, drainage, and utility design. Site visits and complete observation inspections.
- Designing structures and reviewing construction drawings.
- Project planning and management.
- Supervising project construction progress and performance.
- Quality control and safety Assurance.
- Maintenance and renovation.
- Research and development.

*Continued on page 8*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

*Continued From page 7*

**Main Functions**

- Planning.
- Implementation of the Plan.
- Housing and structural design.
- Cost controlling.
- Writing Reports & Data Control.
- Supervise team.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- The candidate employment age is 60 years maximum.
- Candidate must be physically medically fit.
- Candidate must be construction wise Qualified.
- Plumbing, fitting, masonry, and construction experience.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind, and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.
- Must have an Eritrean Driver's License Minimum Code 2.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| Possession of Bachelor s degree (Civil Engineer) from an accredited college/university or Civil Engineering Diploma | 2 year supervisory/leadership experience and skills in applying team building leadership<br>In depth experience/expertise in project controls & engineering within the construction industry |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, AutoCAD)<br>Attention to detail, Analytical skill<br>Construction & Maintenance experience<br>Problem solving skills, Supervisory experience | Communication (English) and local language<br>Assertiveness, Integrity, High level of accuracy<br>Interpersonal Relations, Self-motivation<br>Prioritizing skills & multi-skilling<br>Ability to work towards strict deadlines |

**Position: Electrician**

**Department: Engineering service & OC**

**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- Maintains and repairs Electrical equipment, appliances, and Infrastructure in the mine. The Electrician will maintain or install Infrastructure for medium voltage 22kV up to 230Vac and some equipment for Solar power using 48 V dc. (Security lighting; solar lighting; kitchen; cooling plant; accommodation; Air conditioning units; borehole pumps; over-headlines; water treatment plants; sewerage plants; generator plants/power electrical).

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Conduct industrial electrical installation and connection, as we as troubleshooting.
- Conduct Inspection, Service, and maintenance of electrical system of Water treatment, Sewerage treatment, Kitchen Laundry equipment, and Gensets.
- Conduct Inspection a daily, weekly, monthly, biannual, and yearly.
- Conduct tests, repair, and maintain electrical equipment and appliances.
- Apply electrical specifications and electrical theory to determine job requirements.
- Perform fault-finding by inspecting circuit breakers, transformers, and other electrical components

**MAIN FUNCTIONS**

- Planning
- Implementation
- Reporting

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate employment age 45 years maximum
- Candidate must be physically and medically fit
- Candidate must be electrical Qualified and able to work with Medium Voltage from 22kV up to 230Vac 3phase and single phase
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind, and dusty environments
- Must be able to work at Heights
- Must have an Eritrean Driver's License Minimum Code 2 or equivalent for expat.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| Diploma in Electrical Engineering Technical College Electrical Diploma | 3 - 5 years of relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>Attention to detail, Analytical skill<br>Electrical experience, Problem-solving skill<br>Supervisory experience | Communication (English) and local language<br>Self-motivation, Integrity, High level of accuracy, Prioritizing skills & multi-skilling<br>Ability to work towards strict deadlines |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to the sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**


**Address: Please mail your applications to: -**

**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ


እዚ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ሰሙናዊ ዝወጽእ ዓምዲ "ካብ ታሪኽ ሰውራና"፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዘይተነግረ እምበር ዘይተገብረ የለን ንዝበሃል ዝድርዕ እዩ። ነዚ ምርኾስ ብምግባር፡ ኣብቲ ቅድምን ድሕሪን ናጽነትን ኣብ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ቍጠባውን ካልእን መደያት ገድሊ ዘተኮረ፡ ብመልክዕ ዛንታ፡ ሰነዳዊ ጽሑፍ፡ ዕላል ምስ ሰብ ተመኲሮ፡ ነቲ ኣብ እዋን ገድሊ ዝነበረ ታሪኽ ዘዘንቱ ኣገደስቲ ዕለታት ከምኡ'ውን፡ ምስ ሓርነታዊ ቃልስና ዝኸይድ ስእልታትን ካርቱናትን ዘአንግድ እዩ። ብተወሳኺ ነቲ ዘይተበርበረ ታሪኽ ሰውራ ብቐጻሊ ብመልክዕ ቃለ-መሕትት'ውን ክቐርብ ይኽእል'ዩ። እምበኣር ኣብዚ ፈላሚ ሕታም፡ ኣብ እዋን ሰውራ፡ ተጋዳላይ ካብ እግርን መጽዓኛን ተገላጊሉ ብኸመይ መካይን ከም ዘጥረየን ከም ዝወነነን ዘዘንቱ ካብቲ ኣብ እዋን ገድሊ ዝተሓትመ ሰነዳት ሰውራ እነሆ፥

## ካብ ተመኲሮ መጓዓዝያ

### ቀዳማይ ክፋል

መኪና ክትውንን እንተ ኼንካ ሰለስተ ኣገደስቲ ባእታታት ክተማልእ ኣሎካ። ንሱ ድማ መራሕ መኪና፡ መካኒክ፡ ከምኡ'ውን ጽርግያ። እምበኣር ኣብ ታሪኽ ሰውራና ኣውራ ድማ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንፈለማ ግዜ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 1975፡ ካብ ጸላኢ ዝተመንዘዓ ክልተ-ሰለስተ ትራክተራት፡ ኣብ ገሊኡ ንሸዑ ጥራይ ዘሕልፈን መንገዲ ብሃታ-ሃታ እናተጸርገለን፡ ብማይ-ላባ ሓሊፈን ብቐጣን ኣቢለን ናብቲ ቐንዲ ደጀን ሰራዊት ምስ ኮማንድስ ኣተኣሳሲሩ'ዩ ብማዕዶ ዝርእያ ዝነበረ። ብዓቢኡ ከኣ፡ እቲ ሃላኺ-ዝመልኦ ጉዕዞ እግርን መጽዓኛን፡ ነቲ ካብኡ ዝለዓለ ኣሳልጦ ዘለዎ ምኽዩን ኣገባብ ቦታኡ ክለቅቕ ዝጀመረሉ ህሞት'ዩ ነይሩ። ኮታ ኣብ መጓዓዝያ፡ ዳርጋ ካብ መዋእለ እምኒ ናብ መዋእለ ሓጺን ዝተሰጋገረሉ እዋን'ዩ ነይሩ።

ኣብቲ ደሕረዋይ ግዜ እኳ፡ እቲ ውድብ መካይን ምስ ወነነ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ንእሽቶ ፍጻመ፡ ክንዲ'ቲ ዘቃልበሉ ይህሉ ኢልካ ኣይሕሰብን'ዩ። ንምንታይሲ፡ እቲ



ሓደ ካብ ጋራጃት ሰውራ

ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ብለቓት ምስ ኣተዋ፡ ዘይደንጸዎ ተጋዳላይ ኣይነበረን። ቅንይ ኢሉ ክንደኣን ዝኾና መካይን ተወሲኸነኣን። እተን መካይን ኣገልግሎት ክህባ ምስ ጀመራ'ሞ ከኣ፡ ተጋደልቲ ዉዕዉዕ ናይ ደስታን ኣድናቖትን መንፈስ እዩ ሰሪጹዎም። "እዋይ'ዛ ውድብ ዚኣ፡ መኪና ከኣ ወኒና!" እናበለን እናተሰራሰረን፡ ጸላም ሰናጭሮ ሳሕል ብባናኣን እናቐደዳ ኳዕነን ክብላ ክርኢ ወይ ጥዑም ደሃየን ብማዕዶ ክሰምዕ ዘይህንጠን ዘይሕጉስን ተጋዳላይ ኣይነበረን። ኩሉ ተጋዳላይ ድማ'፡ ካብ መጽዓኛ እንስሳ ዝገላገለሉ እዋን ከም ዝኣኸለ ብብዘለዎ ከዋግዕን ክሕጉስን ጀሚሩ።

ከመይ ዘይሕጉስ?! ኣብቲ እዋንቲ'ኳ፡ እዚ ንሰውራ ኤርትራ ዓቢ ብስራት'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ተጋዳላይ፡ ከምቲ ደሓር ንነፋሪት ብኀቦ-ዓይኑ ዝጥምታ ዝነበረ ሸዑ'ውን፡ ንመኪና ምስ ጦር-መድረኽ ይኹን ናይ ቅድም ኣጸቢቑ ተቐይሩ እዩ። ከመይ ኢሉ'ዩ ግን ናብቲ ደሓር ዝበጽሖ ብተዘማዲ ምዕቡል ዝኾነ ኵነታት መጓዓዝያ ዝበጽሐ? እስከ ነቶም ኣብ ማ/ቤ/ጽ/ኮ/መጓዓዝያ ኣብ ዘበነ ገድሊ መጽሔት ሓርበኛ ዝዋገዓቶም ንመጓዓዝያ ህዝባዊ ግንባር ታተ ዘበሉ ገዳይም ኣባላት መጓዓዝያ ካ ብዝበሉዎ ምስ እንውከስ ብከምዚ ክጠቓለል ይኽእል።


እቶም ነዚ ዘዘንተዉ ተጋደልቲ፡ ኢዮብ ዓንደማርያ (ማንጁስ)፡ የማነ ተስፋሚካኤል (ባዱ)፡ ተኽስተ ኣርኣያ፡ ፍሰሃ ወልደሊባኖስ፡ ሚካኤል ዛይድ (ሞምባሳ)፡ ራሕማ ኣሕመዲን ኰይኖም፡ እዞም ተጋደልቲ ገሊኦም መራሕቲ መካይን፡ ገሊኦም መካኒክ ገሊኦም ድማ፡ ከም ሓለፍቲ ኮሚሽን ምውፋርን ጋራጃትን ኮይኖም ዘገልግሉ ዝነበሩ'ዮም። ኣብቲ ኣብ መስከረም 1990 ቅድሚ 35 ዓመታት ምስ መጽሔት ሓርበኛ ዝገበሩዎ ቃ/መጠይቕ ምስ እንምለስ፡ ተጋዳላይ ኢዮብ ሸዑ ማእከልነት ንኡስ ኮሚሽን ምውፋር ዝነበረ ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ምስላፉ፡ ካብ ኣጋ መወዳእታ 75 ኣትሒዙ ክሳብ'ታ ቃለመጣይቕ ዝገበረላ ዕለት ኣብ መጓዓዝያ ዘገልግል ዝነበረ ኮይኑ፡ ንሱ ሸዑ ብዛዕባ ኣመዓባብላ መጓዓዝያ ህዝባዊ ግንባር ብከምዚ ገሊጹዎ፦

"ኣብ 1975-76፡ መጓዓዝያ ብሰለስተ ማርቸድሳት'ዩ ጀሚሩ። ንኣታተን እትስሕብ ሓንቲ ትራክተር፡ ኣብ ነፍሰ-ወከፍ ማኪና ድማ ሸሞንተ ዝተሓጋገዙ ተጋደልቲ ነይሮም። እዚኣቶም፡ ሳኝ እናፈሓሩን ሓለዋ እናገበሩን፡ ብኽልተ መዳያት'ዮም ዝሰርሑ ነይሮም።"

ኣብ ፍርቂ 1976 ኣቢሉ ኣብ መጓዓዝያ ዝተመደበ ሸዑ ከም ማእከልነት ኮሚሽን መጓዓዝያ ኰይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ስውእ ተጋዳላይ የማነ ተስፋሚካኤል (ባዱ)፡ ነቲ ዛንታ ብምዝርዛር፡ ካብቲ እዋን'ቲ ካብ ዝተዛረቦ ፡"መጓዓዝያ፡ ኣብቲ ፈለማ ዝመጸኣሉ እዋን፡ ቅድሚኡ ዝመጽኡ ውሑዳት ክኢላታት ካብ ማካይን'ውን ክትዝክረን ከለካ ሰለስተ ናይ ጽዕነት ክልተ ቶዮታ ሓንቲ ላንድሮቨር ጥራይ ሒዙ፡ ምስ ትሑት ዓቕሚ'ዩ ጀሚሩዎ። ምስኣን ተወሲኸን ካብ ሱዳን ስንቂ ዘመላልሳ ከኣ፡ ውሑዳት ለዋሪ ወይ ቤድ-ፎርድ ነይረን። እቲ ናይ መጽዓኛ ስራሕ ጎድኒ-ጎድነን እናኸደ፡ እዘን ማካይን እዚኣን ኩሉ ዕማም ናይቲ ውድብ የማልኣ ነይረን ክባሃል ኣይከኣልን። ብቕዓት ናይ ጽገና ቦታታትን መሳርሕታትን ክኢላታትን ብዘይምንባሩ ድማ፡ ብግቡእ ይጽገና ወይ ጥዕናኣን ብግቡእ ተሓልዩ ይኸይድ ነይሩ ኢልካ ክትዛረብ ኣይትደፍርን። ግን ከም ህርፋን፡ ከም ድሌት ዝኾነ ንብረት ወድብ ክድርበ ወይ ክበላሾ ስለ ዘይድለ፡ ኣቓሑ ካብ ሱዳን እናገዝኣካ፡ እተን ማካይን ከም ዝንቀሳቀሳ ይግበር ነይሩ። ነዳዲ 15-20 ፊስቶ ዝመጽኣሉ፡ መጓዓዝያ ከኣ ነዳዲኡ ጋራጁ ምውፋሩ ከም ሓደ ኣሃዱ ኰይኑ ወይ ብሓደ ማእከልነት ጥራይ ተጠርኒፉ ዝካየደሉ እዋን እዩ ነይሩ። ስለዚ ብትሑትን ዘይምቹእን መሳርሒ፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ኼንካ ምጽጋን ኢዩ ነይሩ። ከም ኣብነት፡ ኣብ ማህሚመት ክሳብ ፋሕ ወይ ጉረይቶ፡ 15-20 ኪሎ ግራም ዝኽብደቱ ሳንዱቕ ናይ መሳርሕን ነታ መኪና ዘድሊ መቀያየሪ ኣቓሑን ሒዝካ ምስታ መራር ጸሓይ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብእግርኻ 25 ኪሎሜተር ዝኸየደሉ እዋናት እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ መሳለጥያ ወይ ናብኡ ክብጸሓካ ዝኽእላ ካልኦት ማካይን ኣይነበራን።" ይብል።

ይቕጽል......

## ጉዕዞ ድምጺ ሓፋሽ ንናጽነት!



**ኣገደስቲ ቦታታት ኣብ ድምጺ ሓፋሽ**

- ፋሕ = ካብ ባሕቲ ጥሪ 1979 - 28 ጥሪ 1979
- ዓምበርበብ = ካብ ባሕቲ ለካቲት 1979 - ግንቦት 1979
- ኣራግ = ካብ ግንቦት 1979 - ጥቅምቲ 1980
- ዓምበርበብ = ካብ ጥቅምቲ 1980 - ሓምለ 1982
- ሻባይት = ካብ ሓምለ 1982 - ሓምለ 1991
- ኣስመራ = ካብ ሓምለ 1991 ክሳብ እዚ እዋን እዚ።

## ንሓፈሻዊ ፍልጠት

1. እቲ ዝነውሐ ግዜ ዝወሰደ ወራር ካብቶም 8 ወራራት ደርግ ኣየናይ ነይሩ?

2. እቶም 3 ጉባኤታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደሉ ቦታታት ብቐደም ተኸተል ጥቀስ። ምርጫ ኣለኩም፥
ሀ/ 1ይ ፋሕ፡ 3ይ ዓሬርብ፡ 2ይ ናቕፋ፡ ለ/ 1ይ ዓሬርብ፡ 2ይ ፋሕ፡ 3ይ ናቕፋ፡ ሐ/ 1ይ ፋሕ፡ 2ይ ዓሬርብ፡ 3ይ ናቕፋ

3. ኣብ 1977 ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሓራ ዝወጸኣ ከተማታት ብቐደም ተኸተል ስመ። ምርጫ ኣለኩም፥
ሀ/ ኣቑርደት፡ ተሰነይ፡ መንደፈራ ለ/ ተሰነይ፡ ኣቑርደት፡ መንደፈራ
ሐ/ ተሰነይ፡ መንደፈራ፡ እቑርደት

መልሲ ኣብ ታሕቲ ኣሎ

## ካብ ካርቱናት ገድሊ



ንጽንዓት ተጋዳላይ ዝገለጽ ብስውኣት ሙሴ ኣስገዶምን ሃብቶም ምሕረትኣብ (ኣባሓጎይ) ካብ ዝተዳለወ ካርቶናት።

## መልሲ

1. = 7ይ ወራር (ስላሕታ) ካብ 26 መጋቢት ክሳብ 15 ነሓሰ 1983
2. = ሐ/ ተሰነይ፡ መንደፈራ፡ እቑርደት
3 = ሐ/ 1ይ ፋሕ1977፡ 2ይ ዓራርብ 1987፡ 3ይ ነቕፋ 1994

# ዜና ሰንበት

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣብ ኒውዝላንድ ዝርከብ እምባ፡ ከም ሰብ ዘቕጽሮ ሕጋዊ መሰል ረኺቡ



ኣብ ኒውዝላንድ ዝርከብ እምባ ‘ታራናኪ’፡ ከም ሰብ ዘቑጽሮ ሕጋዊ መሰል ብመንግስቲ እታ ሃገር ከምዝተዋህቦ ተሓቢሩ።

እዚ ናይ ሰብ መሰላትን ሓላፍነትን ተጎናጺፉ ዘሎ እምባ፡ ‘ታራናኪ ማውንጋ’ ዝብል ሓድሽ ስም’ውን ተዋሂብዎ ኣሎ።

እዚ 2,518 ሜትሮ ብራኸ ዘለዎ እምባ፡ ብደቀባት ‘ማኦሪ’ ከም ኣቦሓጎ ስለዝሕሰብ እዩ ካብ መንግስቲ ኒውዚላንድ ከም ሰብ ዘቑጽሮ ሕጋዊ መሰል ረኺቡ ዘሎ።

ኣርባዕተ ኣባላት ደቀባት ‘ማኦሪ’ን ብሚኒስተር ዕቃብ እታ ሃገር ዝተረቖሐ ካልኦት ኣርባዕተ ሰባትን ከኣ ከም መልክዕ ድምጺን እቲ እምባ ኰይኖም ክዐዩ ተመሪጾም ኣለው።

በዚ ተዋሂብዎ ዘሎ ሕጋዊ መሰል ከኣ ደቀባት ‘ማኦሪ’ ንድሕነት እቲ እምባ ክከታተሉ ሳዕለዋይ ኢድ ክረኽቡ ኣኽኢልዎም ኣሎ።

እዚ እምባ ብዘለዎ ኣቀማምጣ፡ ዝተፈላለዩ ናይ በረድ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክካየደሉ ምኽኣሉ ስለዝኾነ፡ ማሕበራዊ ተሪዙም እዩ።

እምባ ‘ታራናኪ ማውንጋ’ ብደቀባት ‘ማኦሪ’ ከም ምንጪ ኣካላዊ ባህላውን ሃይማኖታውን ክብርታት ከምኡ’ውን ከም ክቡር ኣቦሓጎን ናይ መውዓሊ መዕረፊ ቦታ እዞም ደቀባትን እዩ ዝቕጸር።

መንግስቲ ኒውዝላንድ፡ ኣቐዲሙ’ውን ንሓደ ፈለግ እታ ሃገር ከም ሰብ ዘቑጽሮ ሕጋዊ መሰል ከምዝሃበ ምንጭታት ይገልጹ።

## ሎተሪ ዝተዓወቱ ሰረቕቲ፡ ምስ ዋና ክማቐሉዎ ጸውዒት ይቐርበሎም

ገንዘብ ስርቂ ተጠቒሞም ሎተሪ ተጻዊቶም ዝተሰወሩ ሰረቕቲ፡ እቲ ዝተዓወትዎ ገንዘብ ምስ’ቲ ገንዘቡ ዝተሰርቀ ሰብ ክማቐልዎ ጸውዒት ቀሪቡሎም።

ዋና እቲ ገንዘብ ዝኾነ ጁን ዴቪድ፡ እቲ ኣብ ማኪናኡ ዝተፈላለዩ ደኩመንትታትን ናይ ባንኪ ወረቓቕትን ሓዙ ዝበረ ናይ ድሕሪት ቦርሳ ከም ዝጠፍኦ ምስ ኣስተብሃለ፡ ናይ ባንኪ ሕሳቡ ብቕጽበት ክዕጾ እዩ ጠሊቡ።



ይኹን’ምበር፡ እቲ ናይ ገንዘብ ካርዱ ድሮ ኣብ ጥቕሚ ከምዝወዓለ እዩ ተሓቢርዎ።

ናብ’ቲ ናይ ገንዘብ ካርዱ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለሉ ድኳን ምስ ከደ ከኣ፡ እቲ ብዓል ደኳን ክልተ ግዱም-ሓይራት ንካርዱ ተጠቒሞም ሓንቲ ሎተሪ ዓዲጎም ብምሕካኽ፡ ሃንደበት ከሉ ንብረቶምን እታ ናይ ገንዘብ ካርድን ረሲዖም ተሓጒሶም እናጓየዩ ከምዝወጹ ገሊጹሉ።

ጁን ዋላኳ ናብ ፖሊስ ጥርዓን ኣቕሪቡ እንተሃለወ፡ እቶም ሰረቕቲ ግን ነቲ ዝተዓወትዎ 523 ሽሕ ዶላር ዝበጽሕ ገንዘብ ምስኡ ክማቐልዎ ምስ ዝሰማምዑ፡ ነቲ ክሲ ከቋርጾ ምዃኑ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እዞም ምስ ጠበቓ ጁን ተራኺቦም ኣብ ሓደ መሰማምዒ ነጥቢ ክበጽሑ ሃገራዊ ጸውዒት ቀሪቡሎም ዘሎ ሰረቕቲ፡ ክሳብ ሕጂ ኣይተረኽቡን ዘለው።

እዞም ዝተዓወትዎ ገንዘብ ተሓዲጎም ክእሰሩ ተኽእሎ ዘሎዎም ኣስማቶም ዘይተገልጹ ሰረቕቲ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ሕጊ ቀሪቦም ጉዳዮም ምስ ዘይፈትሕዎ፡ እቲ ሎቶሪ ዝሓረሉ መሰልቲ ስለዝተቓረበ፡ እቲ ገንዘብ ርእዮም ክስእንዎ ከምዝኽእሉ እዩ ጁን ዝገልጸ።

## ጽምብላት መርዓ ብምዝራግ ዝተፈልጠ መንእሰይ ጠለብ ይረክብ

ኣብ መስከረም ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኤርንስቶ ረይናረስ ዝተባህለ ኣብ ስጳኛ ዝነብር መንእሰይ፡ ንዘይተደልየ ጽምብል መርዓ ብ520 ዶላር ክርብሽን ክዘርግን ከምዝኽእል ዝገልጽ መወዓውዒ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘርጊሑ ነይሩ።



እዚ መንእሰይ፡ ዕለተ መርዓኦም ብሰላም ክሓልፍ ዘይደልዩ መጻምዲ፡ ንኤርንስቶ ቆጺሮም ካብ ዘይተደልየ መርዓ ክገላገሉ ከምዝኽእሉ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኤርንስቶ ነቲ ዘይተደልየ መርዓ ኣብ ዝዘርገሉ እዋን፡ ብኣባላት ስድራቤት ኢዮም መርዓውቲ ዝመጽአ ጸፍዒት ክቕበል ድሉው’ኳ እንተኾነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ጸፍዒት 50 ዶላር ክኽፈሉ ምዃኑ’ዩ ኣብ ገጹ ኣስፊሩ ዘሎ።

እዚ ብዋዛ ዋዛ ዝጀመረ መወዓውዒ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ናብ ናይ ብሓቂ ንግዲ ስለዝተቐየረ፡ ኤርንስቶ ተወሰኽቲ ዓማዊል ክቕበል ክፍቲ ቦታ ከምዝይብሉ እዩ ተመሊሱ ዝሃገር ዘሎ።


## ዘይበሰለ ስጋ ሓሰማ ዝበልዐ ሰብኣይ፡ ኣብ ሓንጎሉ ሓቢ የፍሪ

ዘይበሰለ ስጋ ሓሰማ ናይ ምብላዕ ልምዲ ዘለዎ ኣብ ኣመሪካ ዝነብር ስሙ ዘይተገልጸ ሰብኣይ፡ ኣብ ሓንጎሉ ብርክት ዝበሉ እንቋቝሖ ሓቢ ከምዝተረኽበ፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ዩኤስኤይ ቱደይ’ ሓቢሩ።

እዚ መርዓዊ ርእሲ ዘለዎ ወዲ 52 ዓመት ሰብኣይ፡ ቃንዛ ርእሱ ምስ በርትዖ እዩ ናብ ሕክምና ከይዱ።

ድሕሪ ዝተኻየደሉ ምርመራ ከኣ፡ ቃንዛ ርእሱ ብመርዘን ዘይኮነስ፡ ኣብ ሓንጎሉ ብዝርከቡ ብርክት ዝበሉ እንቋቝሖ ሓቢ ዝሰዓበ ምዃኑ እዩ ተሓቢሩዎ።

ኣብ’ዚ እዋን ከኣ እቲ ጉዳይ ግቡእ ሕክምናዊ ሓገዝ ረኺቡ ኣብ ደሓን ኩነታት ጥዕና ከምዝርከብ ሓካይሙ ገሊጾም።



## ብወርቂ ዝተሰርሐ ዓይኒ-ምድሪ ዝዘመቱ ሰረቕቲ ተታሒዞም

ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት፡ ነቲ ማውሪዚዮ ካቴላን ብዝተባህለ ኢጣልያዊ ቀራጻይ ዝተሰርሐ - ብጠቕላላ 98 ኪሎ-ግራም ዝምዝን ብወርቂ ዝተሰርሐ ዓይኒ-ምድሪ ሰሪቖም ዝተሰወሩ ሰረቕቲ ከምዝተታሕዙ ተሓቢሩ።

እዚ 6 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ዓይኒ-ምድሪ፡ ካብ’ቲ ንዓመታት ንምርኢት ቀሪቡሉ ዝጸንሐ ቤት-መንግስቲ ‘ብለኒም’ እዩ ተሰሪቑ።



እዚ በጺሕቲ ብቶጸራ ንሰለስተ ደቓይቕ ክጥቀምሉ ፍቓድ ኮይኑ ዝጸንሐ ዓይኒ-ምድሪ፡ ሓሙሽተ ሰረቕቲ’ዮም ተሓባቢሮም ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቓይቕ ካብ’ቲ ቤት-መንግስቲ ክሰርቕዎ ክኢሎም።

ፖሊስ ናይ’ታ ሃገር ዋላኳ ነቲ ብወርቂ ዝተሰርሐ ዓይኒ-ምድሪ ንምርካብ ሓያል ጻዕርታት ክኢዶ እንተጸንሐ፡ ኣሰሩ ክረኽቡዎ ብዘይምኽኣሎም ግና፡ ተቖራሪጹ ተሸይጡ ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ተገሚቱ ጸኒሑ።

ኢዮም ኣብ’ቲ ናይ 18 ክፍለ ዘመን ህንጻ ከቢድ ዕንወት ኣውሪዶም ነቲ ስርቂ ዝፈጸሙ ጥርጡራት፡ ነቲ ገበን ከምዝፈጸምዎ እዮም ዝማኑ ዘለው።

## ኩባንያ ቻይና፡ “ንዘይተመርዓዉ ሰራሕተኛታት ክሰጉግ እየ” ይብል

ሓደ ኣብ ቻይና ዝመደበሩ ኩባንያ፡ ካብ 28 ክሳብ 58 ዝዕድመኦም ሰራሕተኛታቱ፡ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ናይ’ዚ ዓመት’ዚ እንተዘይተመርዕዮም፡ ናይ ስራሕ ውዕሎም ክሰርዞ ምዃኑ ዝገለጸ ፖሊሲ ከምዘውጽአ ተሓቢሩ።

እዚ 1,200 ሰራሕተኛታት ዘለዎን ኣብ ምምስራሕ ከሚካላት ዝጠፍን ኩባንያ፡ ዝሓለፈ ወርሒ’ዩ ነቶም ካብ 28 ክሳብ 58 ዓመት ዝዕድመኦም ዘይተመርዓዉ ሰራሕተኛታቱ ከምርዓዉ፡ ኢዮም ዝተፋትሑ ከኣ ምስ መጻምዶም ክተዓረቑ ወይ ከኣ ዳግማይ ክምርዓዉ ዝገድድ ፖሊሲ ኣውጺኡ ዘሎ።

እዞም ሓዳር ክምስርቱ ከምዘለዎም ዝንገሩ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ናይ’ዚ ትካል፡ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ኣዋርሕ ናይ’ዚ ዓመት ምስ ዘይምርዓዉ፡ ዘይመመርዓዊኦም ምኽንያት ብመልክዕ ጽሑፍ ክቕርቡ፡ ክሳብ ወርሒ ኣርባዕተ ከይተመርዓዉ ምስ ዝጸንሑ ከኣ፡ እቲ ትካል ባዕሉ ግምገማ ከካይደሎም ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ።

ክሳብ ሓምለ፡ ኢዮም በይኖም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ሓዳር ከይመስረቱ ምስ ዝጸንሑ ከኣ፡ ምስ’ቲ ኩባንያ ዝጸንሖም ናይ ስራሕ ውዕል ክሰረዝ ስለዝኾነ፡ ስራሕ ኣልቦ ክኾኑ ከለዉ ህሉው ኩነታቶም ደጊሞም ክሓስቡሉ፡ እቲ ኩባንያ ወሲኹ ኣተሓሳሲቡ።

ቤት-ጽሕፈት ዓቕሚ-ሰብን ማሕበራዊ ድሕነትን እቲ ዞባ ግን፡ እቲ በዚ ኩባንያ ዝወጸ ምልክታ ንመሰል ሰራሕተኛታት ዝግህስ ምዃኑ ወቒሱ ኣሎ።

እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ተቓውሞ ገጢምዎ ዘሎ ኩባንያ፡ ነቲ ምልክታ ዋላ እንተኣለየ፡ ኑቶም ክሳብ ሕጂ ተመርዕዮም ዘይወለዱ ሰራሕተኛታቱ ግን፡ ሃገራዊ ጸውዒት ብዘይምትግባሮም ከይወቐሶም ኣይተረፈን።

ኣብ ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ቁጽሪ ሓደሽቲ መርዓውቲ ብሓደ ሕምሲት ክንድል ከሎ፡ ቁጽሪ ብዝሒ ህዝቢ ከኣ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናነከየ ይኸይድ ምህላዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

መንግስቲ ቻይና፡ ነቲ እናኣንቆልቆለ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ወሊድ ንምግታእ፡ ንዘይተመርዓዉ ዜጋታቱ ተመርዕዮም ክወልዱ ቀጻሊ ጎስጓስ ኣብ ምክያድ እዩ ዝርከብ።



# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ኮንጎ፡ ብበዲዶ ህበይ ዝተለኽፉ ሰባት ካብ ሆስፒታላት ሃዲሞም


ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ብበዲዶ ህያብይ ዝተለኽፉ ዝተገልጹ ሰባት፡ ካብ ሆስፒታላት ሃዲሞም ከም ዝተሰወሩ ይንገር ኣሎ።

እቶም ልዕሊ 500 ዝኾኑ ጉዳያት በዲዶ ህያብይ ዝኾኑ ሰባት፡ በቲ ኣብታ ሃገር ዝቐጽል ዘሎ ግጭት ሰንኣም ካብ ማእከላት ሕክምና ከምዝሃደሙ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

'ኣፍሪቃ ሲዲሲ' ዝተባህለ ወከል ማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ ንበቢሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም ዝሃደሙ ሕሙማት ኑቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ከየሓብዎ ከቢድ ሻቕሎት ሓዲርዎም ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ህድማ ናይ'ቶም ካብ ትካላት ሕክምና ከተማታት ጎማን ቡካቩን ዝመልቑ ሕሙማት፡ እተን ከተማታት ብቶም ርዋንዳ ከም ትድግፎም ዝነገረሎም ዕጡቓት ኢም-23 ድሕሪ ምትሓዘን እዩ ዚጋጥም ዘሎ።

በዚ ድማ፡ እቶም ዕጡቓት ተቓወምቲ ኣብ ከተማ ጎማ ንዝርከብ መዓስከር ሰደተኛታት ክዕጹ ብምውሳኖም፡ ድሕሪት ናይ'ቶም ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ካብ ወግእ ሃዲሞም ኣብኡ ተኣኻኺቦም ዝርከቡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ስደተኛታት ሰባት ኣሰካፊ ጊደሩዎ ምህላው፡ ምስቲ ከቢ ቅርብት ዘለዎም ወገናት ሓቢርዎም።



ሓላፊ ማእከል ጥዕና ከተማ ጎማ ዶክተር ሳሙኤል ሙዚንዶ ምስ በቢሲ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ "ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ኢና ዘለና። ዝኾነ ናውቲ ሕክምና'ውን ዘይብልና ብምዃኑ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ ኣለና" ክብል ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ናይዚ ዓመት'ዚ እውን 128 ሕሙማት ካብ ትካላት ጥዕና ሃዲሞም ከምዝጠፍኡ፡ እቲ ብዓለሙያ ጥዕና ንስኑዋት ናይቲ ሕክምና ብምጥቃስ ገሊጹ።

ብሰንኪ እቲ ተላባዒ ሕማም፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራሕ ልዕሊ 900 ሰባት ከም ዝሞቱ ትካል ጥዕና ኣፍሪቃ የመልክት።

ሕማም በዲዶ ህበይ፡ ከም ቀንሲ፡ ሕማም ርእሲን ሰዓልን ዝኣመሰሉ ምልክታት ከስዕብ ከምዝኽእል፡ ሰብሞያ ጥዕና የረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻብ ትካል ኣፍሪቃ ሲዲሲ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት'ዚ ጥራሕ ኣብታ ሃገር ዳርጋ 2,890 ሰባት ብበዲዶ ህበይ ክልከፉ እንከለዉ፡ ካልኦት 180 ድማ ሞይቶም ኣለዉ።

## ደ/ኮርያ፡ ካብ ወሰኽ ታሪፍ ኣመሪካ ክትመሓር ንትራምፕ ትምሕጸን

ሚኒስተር ንግዲ፡ እንዳስትሪን ጸዓትን ደቡብ ኮርያ - ኣሃን ዱክ ጅን፡ ሃገሩ ካብቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ወሰኽ ታሪፍ ንምጽዳቕ ኣቕሪቡቶ ዘላ እማመ ነጻ ክትከውን ምሕጽንታ ኣቕሪቡ።

እቲ ሚኒስተር ነዚ ምሕጽንታ'ዚ ዘቕረበ ዘሎ፡ ትማሊ ቀዳም 1 መጋቢት ምስ ጸሓፊ ክፍሊ ንግዲ ኣመሪካ - ሆዋርድ ሉትኒክን ምክትሉ ጃሚሶን ግሪርን ከምኡ ድማ ምስ ጸሓፊ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ዶዩግ ባርጎምን ኣብ ዋሽንግቶን ድሕሪ ዝገበሮ ርክብ እዩ።



ሚኒስተር ኣሃን ኣብ መግለጺኡ፡ ደ/ኮርያ ንሚዛናውነት ንግዲ ቀጻሚት ሂብ ከምትሰርሓሉ ብምጥቃስ፡ ኣመሪካ ንእትእምሞ ዘላ ወሰኽ ታሪፍ ንሃገሩ ዓላማ ዝዝብር ከይከውን ዘለዎ ስግኣት ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ደቡብ ኮርያ ኣብ ክልተኣዊ ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ከምትኣምን ብምንጻር፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ሃገሩ ዝኸፍላ ኣቓዋን ኣሉሚንየምን ናይ ታሪፍ ወሰኽ ከይገብር ተማሕጺኑ።

ብመሰረት ሮይተርስ፡ ሚኒስተር ኣሃን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ንኻልኣይ ግዜ ናብ ስልጣን ድሕሪ ምምላሱ ምስ ሓለፍቲ ክፍሊ ንግዲ ኣመሪካ ርክብ ዘካየደ ናይ ብዓልስልጣን ኩዕት ኣሎ።

እዚ ድማ፡ ኣብ መንጎዘን ክልተ ሃገራት ንዘጋንሓ ንግዳዊ ሽርክና ከሐይሎ ከምዝኽእል ይንገር።

ሚኒስተር ኣሃን ኣብ መወዳእታ፡ ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ዘለዋ ንግዳዊ ዝምድና ንምድንፋዕ ኣብ ቀረባ ሰሙናት ናብ ዋሽንግቶን ተመሊሱ ስምምዓት ክኽትም ምዃኑ ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ 20 ጥሪ ንኣመሪካ ክመርሕ በትረ-ስልጣን ዝተረከበ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ፍርያት ዝጠዙሓ ሃገራት ዓለም ናይ ታሪፍ ወሰኽ ክገበር ዝጠልብ እማመታት ካብ ዘቕረበ ንደሓር፡ ኣብ ቁጠባ እተን ሃገራት ዘይምርግጋእ ተኸሲቱ ከም ዘሎ ይንገር።

## "ዘለንስኪ ብማሕበረ-ሰብ ዓለም ይጣላዕ ኣሎ" ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ "መራሒ ዩክሬይን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ብተደጋጋሚ ካብ ጻውዒት ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም የድሓርሕር ኣሎ" ክብል ወቒሱዎ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ወቐሳ'ዚ ዘሰምዐ ዘሎ፡ ድሕሪ'ቲ ክልቲኦም መራሕቲ ንምቕራሕ ጸጋታት ዩክሬይን ኣመልኪቶም ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዋይት ሃውስ ዘዕደዎ ቈይቀን ክትዕን ዝመልኦ ዝርርብ እዩ።

እቲ ዘቲ 'ዩክሬይን 50% ካብ ጠቕላላ ባህርያዊ ጸጋታታ ምስ ኣመሪካ ክትካፈሎ' ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ዘተኮረ ምንባሩ ዝጠቐሰ በቢሲ፡ ዩክሬይን ጸጋታታ ንኣመሪካ ንምክፋል ክትሰማማዕ እንተዘይክኢላ፡ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ዩክሬን ዘለዋ ኣመለኻኽታ ክትልውጥ ምዃና ዘእንፍት ምንባሩ ኣረዲኡ።

ዩክሬይን መተካእታ ናይቲ ካብ ኣመሪካ ክግበረላ ዝጸንሐ ወተሃደራዊን ፋይናንሳዊን ሓገዛት፡ ካብ ባህርያዊ ጸጋታታ ብፍላጺ ናብ ኣመሪካ ሰደድ ክትገብር፡ ምስ ሩሲያ ድማ ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ተሰማሚዓ ኑቲ ኩናት ደው ከተብሎ ከምዘለዋ'ዩ ትራምፕ ጸቒጢ ዝገብር ዘሎ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ምስ ሩሲያ ናብ ስምምዕ ሰላም ክትኣቱ ቅሩብቲ ከምዘይኮነት እንተገለጸ፡ ኑቲ 'ኣመሪካ ኣብ ባህርያዊ ጸጋታት ዩክሬን 50% ብጽሒት ክህልዋ ዝጠልብ እማመ'ውን ሃገሩ ክትሓስበሉ ዕድል ክወሃብ ከምዘለዎ ኣተሓሳሰበ።



በዚ ድማ፡ እቲ ርክብ ብዘይ ፍረ ከምዝተበተነ ማዕከናት ዜና ዓለም የቃልሓ ኣለዋ።

እቲ ኣቓልቦ ብዙሓት ወገናት ዝሰሓበ ፍጻመ፡ ኣብ መንጎዘን ክልተ ሃገራት ዝጸንሐ ዘይምርድዳእ እናገፍሐ ይመጽእ ምህላዉ ዘርኢ ኣብነት ምዃኑ፡ መርበብ ሓበሬታ በቢሲ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ መርበብ ኣብ መወዳእታ፡ ፕረዚደንት ዘለንስኪ በቲ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣብ ከቢድ ስክፍታ ኣውዲቕዎ ዘሎ ኣንፈታት ምጅማር ሳልሳይ ኩናት ዓለም ይጣላዕ ምህላዉ ካብ ፕረዚደንት ትራምፕ ወቐሳ ከምዝቐረበሉ ገሊጹ።

ስምምዕ ምቕራሕ ባህርያዊ ጸጋታት ዩክሬይን ምስ ኣመሪካ፡ እምነትናዕ ናይቲ ኣብ መንጎዘን ክልተ ሃገራት ክህሉ ንዝኮኖ ጽጥታዊን ወተሃደራዊን ውሕስነት ከምዝኸውን፡ ተንተንቲ ፖለቲካ የረድኡ።

## ሩስያን ጊኒ ቢሳውን ብሓባር ክሰርሓ ተሰማሚዐን

ሩሲያን ጊኒ ቢሳውን ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡ ስነፍልጠትን ምምሕያሽ ሞያዊ ብቕዓትን ዘዘኽረ ታሪኻዊ ዝኾነ ስምምዕ ከም ዝኸተማ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ሪሻ ቲደይ' ሓቢሩ።



እቲ ኣብ መንጎ ምክትል ሚኒስተር ትምህርቲ ሩሲያ ኣንድረይ ኮርኒቨን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጊኒ ቢሳው ካርሎስ ሀንሪክ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኣብ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ዘተኮረ ኮይኑ፡ ሩሲያ ኑታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ከሉንትናዊ ደገፍ ክትምጥወላ ባብ ዝርሑ እዩ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ርክብ፡ ሚኒስተር ካርሎስ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ተፈጢሩ ዘሎ ድልዱል ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና፡ ጊኒ ቢሳው ንደንቂ ሩሲያ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ስርዓተ-ትምህርታ ብምትእትታው ንትግብረኡ ከም እትሰርሕ ቃል ኣትዩ።

እቲ ስምምዕ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መራሒ እዛ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር - ዑማሮ ሙኽታር ሰሰኮ ኣብ ሞስኮ ዘካየዶ ምብጻሕ እዩ ዝኽተም ዘሎ።

ፕረዚደንት ዑመር ሙኽታር ኣብቲ ምስ ፑቲን ዘካየዶ ርክብ፡ "ሩሲያ እምንቲ መሻርኽቲያ" ድሕሪ ምባል፡ ሞስኮ ኣብ ህንጸት ወተሃደራዊ፡ ትምህርታዊን ጸጥታዊን ጉዳያት ሃገሩ ንእትገብሮ ዘላ ኣበርክቶ መጉሰ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ኣፍሪቃውያን ተመሃሮ ኣብ ሞያዊን ኣካዳምያዊን ካሪክለም ሩሲያ ዘለዎም ድሌት እናወሰኸ ይመጽእ ምህላዉ ድሕሪ ምግላጹ'ዩ እቲ ክልተኣዊ ስምምዕ ዝኽተም ዘሎ።

## ፓኪስታን፡ ብመጥቃዕቲ ቦምባ 6 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን ብዝተኻየደ መጥቃዕቲ ቦምባ ሽዱሽተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ዓሰርተታት ሰባት ድማ ከምዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

እቲ ነፍሰ-ቅትለታዊ ምዃኑ ብዝተገልጸ ናይ ቦምባ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሓደ ሃይማኖታዊ ጽንብል ዝካየደሉ ቤት-ትምህርቲ ዝተፈጸመ ኮይኑ፡ ንመኣመናን ዕላማ ዝገበረ ምንባሩ ማዕከን ዜና ሲ.ኤን.ኤን ገሊጹ።

በቲ መጥቃዕቲ ሳዕለዋይ ተጸዋዒ ናይቲ ሃይማኖታዊ መራሒ ከምኡ'ውን ወዲ ኑቲ "ኣቦ ጣሊባን" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሙላና ሓሚድ ኣልሓቕ ከም ዝሞተ፡ ሰኤንኤን ንኣመሓዳሪ ኣውራጃ ናይቲ ከባቢ ሙሓመድ ዓሊ ሳፌ ብምጥቃስ ሓቢሩ።

እቶም ግብረ-ሽበራውያን ክኾኑ ከምዝኽእሉ ዝተጠርጠሩ ውልቀ ሰባት፡ መእመናን ተመሲሎም ናብቲ ቤት-ትምህርቲ ብምእታው ናብ ኀደኒ ሓው ማላና ዓብዱል ኣልሓቕ ቀሪቦም ኑቲ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸምዎ ድማ፡ ናይ ዓዲ ማሰሻኸር ንሮይተርስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ገሊጾም።



ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሸባዝ ሻሪፍ ኑቲ መጥቃዕቲ ብትሪ ድሕሪ ምኹናኑ፡ ንስድራ ግዳያት ጸጎዓት ብምምናይ፡ ኑቲ መጥቃዕቲ ዝሃንደሱ ኣካላት ይኹኑ ጉጅለታት ተጻርዮም ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቐርቡ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ።

እንተኾነ፡ ኑቲ መጥቃዕቲ ዛጊት ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል የለን።

መንግስቲ ፓኪስታን ብሰንኪ ዝኽተሎ ዘሎ ዘይሚዛናዊ ምቕራሕ ጸጋታት፡ ካብታ ሃገር ናይ ምፍንጻል ድሌት ብዘለዎም ጥሩፋት ጉጅለታት ብርክት ዝበለ መጥቃዕቲታት ቦምባ ከምዝፍጸም ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት ማሻጣ መድሃኒት ዓዲ ኣበይቶ | 2/03/25 | መጨረሽታ ፈርማታ ኣውቶብስ ዓዲ ኣቤይቶ | 07114040 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565